# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 35 ዓመት ቁ.91 | ሰሉስ 16 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ንታሪኻዊ ዝምድናን ዝደርዐ እዋናዊ ምብጻሕ ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ . .



ገጽ 3



ገጽ 5
ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን



ገጽ 9
ስዉር-ሓደጋ ማሕበራዊ ሚድያ . . .



ገጽ 11
ዞባ ማእከል - ናይ ጽርግያ ውድድራትያ ተኻይዱ




## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ‘ኣህጉራዊ መድረኽ ስልጣነታት’ ተሳቲፉ

ኤርትራ፡ ብ14ን 15ን ታሕሳስ ኣብ ሪያድ - ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝተጋብአ መበል 11 ኣህጉራዊ መድረኽ ኪዳን ስልጣኔታት ሕቡራት ሃገራት ተሳቲፋ።

ኣብቲ “ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ዝተንቀሳቐሰ - ሓድሽ ዘመን ሓባራዊ ምትእኽኻል ናብ ምዕባለ ክእ” ብዝብል ቴማ ዝተቓንዐ ኣኼባ ዝተሳተፈ፡ ብፈጻሚት ጉዳያት ኢምባሲ ኤርትራ ኣብ ንግስነት ስዑድያ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡ ንርእይቶን መርገጽን ኤርትራ ኣብ ምውጋድን ምቅላስን ግብረ-ሽበራን ጎጻዊ ጥሩፍነትን ዘጸር መደረ ኣቕሪቡ።

ወ/ሮ ወይኒ ኣብ መደረኣ፡ “ግብረ-ሽበራን ጎጻዊ ጥሩፍነትን ምስ ዝኾነ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ስልጣነ ወይ ቀቢላዊ ጉጅለ ኣተሓሒዝካ ክርአ ኣይግባእን” ንዝብል፡ ኣብ 2022 ብሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ንዝጸደቐ ውሳነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምዕሩይነት ዝተሰረተ ብዙሕነት፡ ስጥመት ሕብረተሰባት ንምድልዳል ወሳኒ ከምዝኾነ ሓቢራ።

ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ እምነታት ዝነበረን ዘሎን ምክብባርን ምንባርን ከምዝሎ ብምሕባር ደሞ ንቕሓት መንእሰያት ብምብራኽን ዓቕሚታቶም ብምምዕባልን፡ ከምኡ’ውን ንልምዓትን ማሕበራዊ ፍትሕን ቀዳምነት ብምሃብ ሃይማኖታዊ ጽልኢ ንምምካት ከምዝሰርሐ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ወ/ሮ ወይኒ፡ ዘተ መሳርሒ መሰረታዊ ንሰላምን ሰብኣውነትን ስለዝኾነ፡ ኤርትራ ጸንዐ መበጽዓ ከምዘለዋ ኣረጋጊጻ።



## ሃማደኤ፡ ንኮለንትናዊ ምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ኣካዩዱ

ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ደቂኣንስትዮ ንምምዕባልን ምዕሩይ ዕድላት ንምርግጋጽን ዝተኻየዱ ንጥፈታት ብምግምጋም፡ መደባት መጻኢ ንምውርጻጽ ኣብ ዝሕግዝ ነጥብታት ዘትዩ።

ኣብቲ ብ11ን 12ን ታሕሳስ ዝተኻየደ ዓውደዘተ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ ዘስመዓቶ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መደባት ዕዉት ንጥፈታት ከምዝተሰላሰለ ብምብራህ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላት፡ ንምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዝከታተላ ኮሚተታት ኣብ ባይታ ብዘሎ ብድሆታት ከይተደረታ ዘየድኣ ንጥፈታት ከሒዶላ ኣገንዚባ።

ኣብዚ ሰፊሕ ኣርእስታት ዝሓቖፈ ዘተ፡ ኣብ ሓባራውን ግብራውን ምርምርን ስራሕን፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ፣ ክትትልን ገምጋምን፣ ከምኡ’ውን በብጽላቱ ንምዕባለ ደቂኣንስትዮ ዝተኻየደ ዕማማት ተዘቲዩሉ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ዝተ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ስራሖም ዘይሃዓቕ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ብምሕባር፡ ዞባታት ሞያዊ ዓቕምታተን ብዝያዳ ከፍትሻ፡ ዝተወዘፈ ንጥፈታት ኣብ ዝመጽእ ዓመት ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ክሰርሓሉ ዝበሉን ካልኦት ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል ኣብ መወዳእታ፡ ኩሉ መደያዊ ምምዕባል ደቂኣንስትዮ ንኽረጋገጽ ዝምልከቶም ኣካላት ብዝተወፋይነት ክዋስኡ ብምሕባር፡ እተን ኮሚተታት ኣብ ዓውደዘተ ዝሓለፉ ኣገደስቲ ለበዋታት ክዒያ ኣዘኻኺራ።



ስእሊ ሳሙኤል ንጉሰ

## ስፖርታዊ ውድድራት ‘እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ደባት’ ተዛዚሙ

ካብ 10 ሕዳር ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ደባት፡ ብ14 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ተሰነይ ብውዕወዕ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣብቲ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሚጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ፡ ኣዛዚ እዚ ምዕራብ ብርጋዴር ጀነራል ኢዮብ ፍስሃየ (ሓሊባይ)፡ ሓሊቃ ስታፍ እዚ ምዕራብ ብርጋዴር ጀነራል ጸሃየ መኮንን፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደበሳይ ግደ፡ ኣዛዚ እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ደባት ኮሎኔል የናስ ብጹኣምላኽ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ስዩም ጉብረእየሱስ፡ ከምኡ’ውን ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ነበርቲ ከተማ ተሰነይን ተረኺቦም ነይሮም።

ሰታፍ ሓበሬታን ንስፖርትን እዚ ምክታትል ሰሜን ምዕራብ ደባት ኣቶ ተኪኤ ወልደሚካኤል ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ዕላማ ናይ’ቲ ውድድራት - ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ስፖርታዊ መንፈስ ንምብርባር፣ ኣብ መንእሰያት ፍቕርን ሓድነትን ንምሕያል ንምስራጽን፣ ንቕሓት መንእሰያት ንምብራኽን ኣካላዊ ብቕዓቶም ንምሕያልን፡ ከምኡ’ውን ኑቲ እዚ ወከሎም ኣብ ስፖርታዊ ውድድራት ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝሳተፉ ተጻወትቲ ንምምልማል ከምዝጠቕለለ ገሊጹ።

ኣብቲ ሓሙሽተ ዓይነታት ስፖርት ማለት ኩዑሶ እግሪ፡ ኩዑሶ መርበብ፡ ኣትሌቲክስ፡ ጨመት ተኸሰን ቸዝን ዘጠቓለለ ውድድራት፡ ብድምር ልዕሊ 550 ስፖርተኛታትን ኣካየድትን ከምዝተሳተፉ ብምሕባር፡ ንዝተንጸብረቑ ብቕዓትን ዲሲፕሊንን መጕሱ።

ኣብቲ ስፖርታዊ ውድድራት ብሓፈሻ፡ ጋንታ ማዕሉባ ጉበል ኮይና ተዓዊታ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብባህላዊ መሰናድኦ ኣብ ዝደመቐ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ንዕወታትን ኑቲ መደብ ኣብ ምዕዋት ኣበርክቶ ንዝበበሩ ሽልማትን ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

## ሓልሓል - ጽጉማት ስድራ ቤታት ብጥሪት ተጣዪሰን

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ሓልሓል፡ ን10 ጽጉማት ስድራቤታት ብጥሪት ኣጣዩሰን።

እተን ስድራቤታት፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ሓልሓል፡ ማይ-ኣዋልድ፡ ገበይ-ኣለቡ፡ ፈንቭሽቦ፡ መሉበሶ፡ ርህይ፡ ቀርጸትን እንረክብትን ዝተለልያ ምዃነን ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ወልዳይ ኣርዓዶም ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሓልሓል ኣቶ ግርማጽዮን ኣብርሃ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ምሕጋዝ ጽጉማት ወገናት ንዘመናት እናተወራረሰ ዝመጸ ካብ ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እተን ስድራቤታት ንዝተዋህበአን ጥሪት ብዝግባእ ተኸናኺነን ኑብሰን ንምኽኣል ኣበርቲዐን ክሰርሓ ተላብዩ።



# ንታሪኻዊ ዝምድና ዝደርዐ እዋናዊ ምብጻሕ

## ሪፖርታዥ - ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስዑድያ




ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ወራስ ዓራት መሓመድ ቢን ሳልማን

ጳውሎስ ነታባይ
ስእሊ - ታእዛዝ ኣብርሃ

ዝምድና ኤርትራን ስዑዲ-ዓረብን፡ ንልዕሊ 70 ዓመታት ዝቐጸለ ህዝባዊ፡ ታሪኻውን ሕወኻታውን'ዩ። ኣብ 50ታትን 60ታትን ናይ ዝሓለፈ መበል 20 ክፍለዘመን፡ ኣብ ከተማ ጅዳ ብኤርትራውያን ዝዘውተር ዝበረን ብኤርትራዊ ቋንቋታት ዝተሰየመን ቦታታትን ትካላትን ንዝበረ ምትእስሳር ዘጽር ቀሊል ኣብነት'ዩ። ጎህወት ዓረትት፡ ባብ ሸሪፍ፡ ጎህወት በልያርዶ፣ ካብ ኤርትራ ብመልክዕ ሰደድ ዝለኣኽ ዝበረ ጸባን ወጽኢት ጸባን ከም'ኡ'ውን ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ዘኸሩ ክሱብ ሕጂ ኣይሃሰሰን።

እዚ ዝምድና'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ናጽነትን ብብመድረኹ እናማዕበለን እናሰፍሐን ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ቀጠባዊ ወፍሪ፡ ጽላታዊ ምዕባለ፡ ዞባዊ ርግኣት፡ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ፡ ጂኦፖለቲካዊ ስትራተጂ . ወዘተ፡ ካብ ክልተአን ሃገራት ሓሊፉ፡ መሰረት ዝኾነ ምምልላእን ርግኣትን የንጽፍ ኣሎ። ሳዕለምት ስቡመዚ ክልተአን ሃገራት ዝዑብርዎ ምብጽጻሕ ድማ፡ ነዚ ድልዱል ህዝባውን ታሪኻውን ስረት ዝጸንሖ ዝምድና፡ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ወራስ ዓራትን ቀዳማይ ሚኒስተርን መሓመድ ቢን ሳልማን ካብ 9 ክሳብ 13 ታሕሳስ ኣብ ሪያድን ጅዳን ዝገበሮ - ኣተኩሮ ማዕከናት ዜና ስሒቡ ዝቐጸለ ናይ ስራሕ ምብጻሕ፡ ዘሪጸ ርክባትን ዝበጽሐ ልምዓታዊ ትካላትን፡ ነቲ ዝምድና ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዘሰጋግር ኣገዳስን እዋናውን ፍጻመ'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብሰሉስ 9 ታሕሳስ ካብ ኣስመራ ድሕሪ ናይ ክልተ ሰዓታት በረራ ከተማ ሪያድ - ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ኻልድ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ኣሚር መሓመድ ቢን ዓብዱራሕማን ኣልሰዑድ - ምኽትል ኣሚር ዞባ ሪያድ፡ ብፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑድያ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝግሄርን ኣምባሳደር ስዑድያ ኣብ ኤርትራ ምሸዓል ሓምዳን ኣልሮቒን ተሰንዮ፡ ኣብ መቐበሊ ዓበይቲ ኣጋይሽ (Royal Terminal) ብናይ ክብሪ ሰልፍን ስለምታን ተቐቢልዎ።

ረቡዕ 10 ታሕሳስ፡ ትጽቢት ዝገበረሉ ዝበረ፡ ክልተኣውን ዞባውን ኣገዳስነትን ጸልዋን ዝበሮ ርክብ - ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ወራስ ዓራትን ቀዳማይ ሚኒስተርን ንግስነት ስዑድያ ኣሚር መሓመድ ቢን ሳልማንን ዝተኻየደላ ዕለት'ያ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኣሚር መሓመድ ቢን ሳልማንን ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ህንጻ ቤተ-መንግስቲ 'ኣልየማማ' ኣብ ዘካየድዎ - ብቐንዱ ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ጉዳያት ዝሸፈነ ምዉቕ ዘርርብ፡ ታሪኻውን ሕወኻታውን ዝምድና ኤርትራን ስዑድያን ብቐጠባዊ ሽርክነት ዝበለጸ ንምስፍሑን ንምምዕባሉን ተዘራሪቦም። ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ድማ፡ ኣብ ኩነታት ተፋሰስ ኒል፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓረብን ድሕሪ ዝገበርዎ ዘተ፡ ስዑድያ ግቡእ ተራኣ ክትጻወተሉ ኣብ ዘኽእል መዳያት፡ ጉዳይ ብጉዳይ ሓሳብ ተለዋዊጦም።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝግሄርን - ብወገን ኤርትራ፣ ኣማኻሪ ሃገራዊ ጸጥታ ሙሳዕድ መሓመድ ኣልዔባን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈይሰል ቢን ፋርሓንን ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ ምሸዓል ሓምዳን ኣልሮቒን ከኣ ብወገን ስዑድያ ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ በኹሩ ንዝጸንሐ ተራ ስዑድያ ኣብ ዞባዊ ጉዳያትን ምዕባለታትን ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሰላም ቅድመ-ኩነት ንልምዓት ስለዝኾነ፡ ዘርኣ ግዱማዊ ምትእትታውን ሳዕቤናቱን ተገንዚቡ፡ ኣብ ዞባ ብሓፈሻ ኣብ ጎደቦና ድማ ብፍላይ ሰላምን ርግኣትን ንኽሰፍን፡ ስዑድያ ግቡእ ቦታኣ ክትሕዝን ጸላዊ ተራኣ ክትጻወትን ከምዘሎዋ ኣስሚሩሉ።

ኣሚር መሓመድ ቢን ሳልማን ብወገኑ፡ ብዝዕበ'ቲ ዝተላዕለ ጉዳያት ዓሚቝ መረዳእታ ንኽህልዉን ዝለዎ ምምኽኻርን ሓባራዊ ምትእምማን ብዝበለጸ ንምሕያልን፡ ዓበይቲ ሰብስልጣን ዝርከቦ ልኡኽ ናብ ኤርትራ ክሰድድ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብ ራብዓይ መዓልቲ ዑደቱ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንኣኼባ ማሕበረኮምን ሃገራውያን ውዳቤታትን ማለት ማሕበረኮም፡ ሃማደኤ፡ ህግደፍን መንእሰያት ህግደፍን ኣብ ሪያድን ከበባኣን'ዩ ኣዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኑቶም ዜጋታት ስለ'ቲ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዞም ዘካየድዎ ዘለዉ ንጥፈታትን ኣበርክቶን ምስጋና ድሕሪ ምቕራብ፡ ሓይሊ ኤርትራ ሓርበኛነት ህዝባ ስለዝኾነ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት ክሰርሑ፡ ሓሻሾት ኣወገዶም ከዋህልሉን ብቑጠባ ክጉልብቱን ከም'ኡ'ውን ንደቆም ብግቡእ ክከናኸኑን ብኽብሪታትን ታሪኽን ክሸሰኩሉን ብምዝኽኻር፡ ማሕበረኮማትን ሃገራውያን ውዳቤታትን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብኣተኩሮ ክሰርሓ ከምዘሎዎ ገሊጹ።

ንባህልና፡ ክብሪታትናን መንእሰያትናን ንምብራዝ ንዝካየድ ሽርሒታት ጸላእትን ተጻባእትን ብምጥቃስ፡ ነዚ ብንቕሓት ምምካት ወሀድ ስራሕ ወሰዴ፡ ማሕበረኮማትን ሃገራውያን ውዳቤታትን ክሰውን ከምዝዮቦኡ ዘዘኻኸረ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ መሳርያም ኣስጢሞም መኸተኦም ከሐይሉ ተላቢዩ።

"ጠመተና ንውሸጥና'ዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህይወት ህዝብና ንምልዋጥን ዜጋታትና ናብ ዓደም ንኽምለሱን ካብ'ቲ ብዕቱብ ዝሰራሓሉ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ገሊ-ገሊ'ቲ ዘድሊ ቀረባት ንምምላእ ዝካየድ ዓቕሚ ዘፍቅዶ ጻዕሪ፡ ነዚ ዝሕግዝ ኩነታት ንምምችቻእ ለይትን መዓልትን ይስራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኤርትራ በዒሓቶ ዘላ ደረጃ ወጽኢት ጸገማትን ስጥመትን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ኤርትራዊ ከምዘኸሎ ብምጥቃስ፡ ብመንግስቶምን ሰራዊቶምን ሕቡናት ምዃኖም ገሊጾም። መብርሂ ዝደለዩሉ - ኣብ ህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት፣ ዝምድና ኤርትራን ስዑድያን መጻኢ ኣመታቲኡን፡ ከም'ኡ'ውን መደባት ህንጻት ሃገርን ጎስጋሱን ዘተኩረ ሕቶታት ድሕሪ ምቕራብ ድማ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ብሓፈሻ፡ ኣብ'ቲ ዝካየድ ዘሎ ፖለቲካዊ፡ ዜናዊን ዲፕሎማስያውን ቃልሲ ከኣ ብፍላይ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዙ፡ መሳርያም ዝያዳ ኣስጢሞም ብንቕሓት ከምዝቕጽሉ ኣረጋጊጾም።

ንሱቶም ኣስዒቦም፡ ኣብ መንጎ ህዝብን መራሕትን ዝገበር ናይ እሂን-ምሂን ርክባት፡ ኣብ ዝትግበር መደባት ሓይልን ድርኺትን ስለዝፈጥር፡ ብብእዋኑ ክድፋኣሉ ተማሕጺኖም።

ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዝመርሖ ልኡኽ ኤርትራ ናብ ከተማ ጅዳ'ዩ ኣምሪሑ። ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ዓብዱልዓዚዝ ኣብ ዝኣተወሉ ድማ፡ ኣሚር ስዑድ ቢን ሚሸዓል ቢን ዓብደልዓዚዝ ምኽትል ኣሚር ዞባ መካ፡ ብጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጅዳ ኣቶ ዓብደልራሕማን ዑስማን ተሰንዮ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ተቐቢልዎ።

13 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ወደብ ጅዳ ዑደት ብምኽያድ፡ ምስ ሰብስልጣን ናይ'ቲ ወደብን ብዓል-ማዚ ወደባት ንግስነት ስዑዲ-ዓረብን ሰፊሕ ዘተ ኣካይዱ።

ፕረዚደንት ብዓል-ማዚ ወደባት ስዑዲ ዓረብ ኢንጂነር ስሌማን ቢን ኻልድ ኣልመዝሩዑ ከም'ኡ'ውን ፈጻሚ ኣካያዲ ስራሕ ወደብ ጅዳ ኣሼኽ ዓምር ዓሊ ርዳን ዋና ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ወደብ በድር ኣልዑተይቢን፡ ነቲ ወደብ ዘመናውን ተወዳዳሪን ንምግባር ንዝተኻየደ ወፍሪ፡ ሓንቲ መርከብ ክትጽዕን ይኹን ክተራግፍ ናብ'ቲ ወደብ ኣትያ ክሳብ ትወጽእ እትኸተሎ - ድሕነት፡ ጸጥታዊ ውሕስነት፡ ጽሬትን ስለጥትን ዘረጋግጽ መሳርሒ፣ ተዓጢቑ ዘሎ ቴክኖሎጂን ዓቕሚ-ሰብን፣ ተዋዲዱ ዘሎ መሳርሒታትን ስርዓት ምሕደራን፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ኣካላት ዘሎ ናይ ስራሕ ምትእስሳር ዘብርህ ስእላዊ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብሽርክነት ንምስራሕ ዘለዎም ድሉት ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነዚ ዝድግፍ - ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምስሳጋር ቴክኖሎጂን ዘጠቓልል ወጥን ከምዘለዎም ብምግላጽ፡ ንዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ከም'ኡ'ውን ንርእይቶኡን ሃናጺ ሓሳባቱን ዓቢ ግምት ከምዝህብዎ ኣፊሮም።

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣባላት ማሕበረኮም ጅዳ

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045
**ምልክታ**
ቍስ 125013 - ቍሳጶ 1284

# ንታሪኻዊ ዝምድናና ዝድርዕ ምብጻሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስዑድያ

















ስእሊ- ታእዛዝ እብርሃ

ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# መርዘን፡ ልዑል ኣህጉራዊ ጽልዋ ዘለዎ ሕማም

መርዘን፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ስራሕ ኣጉዳዕቲ ተባሂሎም ኣብ ቀዳማይ ካብ ዝስርዑ ሕሞማት ሓደ እዩ፡፡ እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ልዕሊ 1 በልዮን ሸቃሎ፡ ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ጠንቂ ካብ ስራሕ ምብኳር ኮይኑ ከም ዝጸንሐ ኣብ 2021 ዝወጸ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት፡፡

መርዘን ሓደ ካብ ስሩመትናዊ ሕማም ኮይኑ፡ ዝያዳ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ምብራቕ ኤስያን ሰሜን ኣመሪካን ገኒኑ ይርአ፡፡ ህንዲ፡ ቻይናን ኣመሪካን ኢንዶነዥያን ካብቶም ሕማም መርዘን ብብዝሒ ዝረኣየን ሃገራት እየን፡፡

**ጸብጻብ**

- **ዝርግሐ (Prevalence)፦** ኣስታት 15 ሚእታዊት ህዝቢ ዓለም (ማለት ልዕሊ 1.16 በልዮን ህዝቢ) ብሕማም መርዘን ዝተጠቕዐ እዩ፡፡ ካብ 1990 ክሳብ 2021 ዝርግሐ ሕማም መርዘን ብዘተዓጻጸፈ ከም ዝወሰኸ ጸብጻብ የመልክት፡፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ዝርግሐ ናይቲ ሕማም ብ58.15 ሚእታዊት ብምዕባዩ፡ ካብ 732.56 ሚልዮን፡ ናብ 1.16 በልዮን ክብ ከም ዝበለ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም የረድኡ፡፡

- **ቁጠባዊ ክሳራ፦** ብሰንኪ ሕማም መርዘን ብዘርኣ ብኩራት ካብ ስራሕ ዓመታዊ ብቢልዮናት ዝቝጸር ቁጠባዊ ክሳራ ከም ዘጋጥም ይንገር፡፡ ኣብ ኣመሪካ ሕማም መርዘን ዝጠልቦ ዓመታዊ ቁጠባዊ ወጻኢታት ልዕሊ 20 ቢልዮን ዶላር ይበጽሕ፡፡

- **ጾታዊ ዘይምምጣን (Gender Disparity)፦** ሕማም መርዘን ዝያዳ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣስንትዮ ይርአ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብሰለስተ ዕጽፊ ዝያዳ ደቂ ተባዕትዮ ብመርዘን ይጥቅዓ፡፡
- **ዕድመ፦** መርዘን ንኹሉ ዕድመ ዘጥቅዕ ሕማም'ኳ እተኾነ ኣብ ክሊ ዕድመ 10 ክሳብ 40 ዝርከቡ ሰባት ብዙሕ ይርአ፡፡ 1 ካብ 10 ኣባጽሕ ብሕማም መርዘን ዝተጠቕዐ እዩ፡፡
- **ተዋርሶ፦** ኣርባዕተ ካብ ሓሙሽተ ግዳያት ሕማም መርዘን ካብ ቤተሰቦም ተመሳሳሊ ሕማም ዘለዎም እዮም፡፡ ሓደ ካብ ወለድኻ ሕማም መርዘን ዘለዎ እንተኾይኑ፡ ንስኻ በቲ ሕማም ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ 50 ሚእታዊ ይበጽሕ፡፡ ክልቲኦም ወለድኻ ሕማም መርዘን ዘለዎም እንተኾይኖም ድማ በቲ ሕማም ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ 75 ሚእታዊት እዩ፡፡




**ሕማም መርዘን እንታይ እዩ?**

መርዘን ሓደ ካብቶም ልዕሊ 200 ዓይነታት ሕማም ርእሲ እዩ፡፡ ካብ ጠቕላላ ህዝቢ ዓለም ኣስታት 1.2 በልዮን በዚ ሕማም'ዚ ይሳቐ፡፡ ሕማም መርዘን ብብዝሒ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ዘጋጥም፡፡ ብሓፈሻ ካብ ሓሙሽተ ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ በዚ ሕማም ክትሳቐ እንከላ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ግን ካብ 15 እቲ ሓደ ጥራይ እዩ ሕማም መርዘን ዘለዎ፡፡

መርዘን ኣብ ሓንጎል ወይ ኣብ ሕመረት ስርዓተ መትኒ ዝርአ ሕማም እዩ፡፡ ከቢድ ሕማም ርእሲ ሓደ ካብ ምልክታቱ እዩ፡፡ እቲ ሕማም ርእሲ ካብ 4 ክሳብ 72 ሰዓታት ክጸንሕ ይኽእል፡፡ ምስ ቃንዛ ርእሲ ሰዒቡ ከም ዕግርግርን ተምላስን፡ ብርሃንን ድምጽን ምጽላእ ዝኣመሰሉ ምልክታት ይርአ እዩ፡፡

ብዙሓት ሰባት 'መርዘን' ዝብል ቃል ንሕማም ርእሲ ንምግላጽ ይጥቀምሉ እዮም፡፡ ክልቲኦም ግና ሓደ ኣይኮኑን፡፡ ሕማም ርእሲ ሓደ ካብ ምልክታት ሕማም መርዘን እዩ፡፡

**መርዘን ኩነታት ኣተሓሕዛ**

ሕማም መርዘን ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት እዩ ዝለዓል፡፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነት ወጥሪ ብሕጽረት ድቃስ፡ ብለውጢ ኩነታት ኣየር፡ ብእንስትዮን እንበልዖን መግቢታት ወዘተ፡፡ መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ ኣመሪካ እቲ ዝበዝሐ ሕማም መርዘን ብኣመጋግባ ዝለዓል እዩ፡፡ እዚ ሓደ ካብቲ ሕማም መርዘን ካብ ካልእ ዓይነት ሕማማት ፍሉይ ዝብሎ ረቛሒ እዩ፡፡ መጥቃዕቲ ናይ መርዘን ሕማም ርእሲ ጥራይ ዘይኮነ ዘለዓል፡ ንኹነታት ናይ ሓንጎል'ውን ብኣሉታ እዩ ዝጸልዉ፡፡ እዚ ማለት ከም ምርኣይ፡ ምሓዝን ምሽታትን ዝኣመሰሉ ናይ ስምዒት ህዋሳትና ስለ ዝትንክፍ፡፡

ተመራመርቲ ጠንቂ ሕማም መርዘን እዚ እዩ ኢሎም ብልክዕ ክገልጽዎ'ኳ እንተዘይከኣሉ፡ ኣመጋግባን ኣዋብራን ዝጠቓለለ ከባብያዊ ረቛሒ ኣብ ምልዓል መርዘን ልዑል ተራ ከም ዘለዎ ግና ኣይሓብኡን፡፡ ኣብ ኣመጋግባና ምቅይያር ምግባር፡ ነቲ ብሕማም መርዘን ክመጽእ ዝኽእል መጥቃዕቲ ኣመሓይሽካ ጥዕናኻ ክትሕሉ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ምዃኑ የስምሩሉ፡፡

**ሓዳሽ መግቢ ምምጋብ**

"ንጥዕና ሕማም መርዘን ዝሰማማዕ መግቢ ሓዳሽ፡ ማለት ዘይተመስርሐ መግቢ እዩ" ይብል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዮ ክሊኒካ ሕማም ርእሲ ዝኾነ ዶክተር ማርቲን ሰቼው፡፡ እዚ ማለት ብብዝሒ ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ፡ ካብ ሽኮራውን ዝተመስርሐን መግቢታት ደማ ምሕራም እዩ፡፡ ብተወሳኺ - ኣእካል፡ ናይ ባሕሪ መግቢታት፡ ጥረታትን ዘይቲ ኣወሊዕን ምውሳድ፡፡ ጸቢ ከም ርግኣን ጠስምን ዝኣመሰሉ ወጻኢት ጸባውን ብምጥጡ ምውሳድ፡፡

ክንጥንቀቐሎም ዝግበኦና መግቢታት

ሽሕ'ኳ መኣዛዊ መግቢታት ምምጋብ ኣገዳሲ እንተኾነ፡ ገለ ንጥዕናና ኣገደስቲ ዝኾኑ መግቢታት ግና ሕማም መርዘን ከለዕሉ ይኽእሉ እዮም፡፡ እዞም መግቢታት እዚኣቶም፦

- ከም ለሚን ኣራንሺን ዝኣመሰሉ ብ'ሲትረስ' (citrus) ዝፍለጡ ፍረታት፡
- ብጠሃዊ ኣገባብ ካብ ጸባ ዝዳለዉ (ማለት ብኬሚስትሮል ዝተቐመጡ) መግቢታት ምጥቃስ ይከኣል፡፡

እዞም ዝተጠቕሱ ይኹኑ ካልኦት ዓይነት መግቢታት፡ ሕማም መርዘን ኣብ ምልዓል ዝህልዎም ደረጃ ካብን ናብን ግዳያት ክፈላለ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ግዳያት ናይ'ዚ ሕማም ኣብ ዝወሰድዎ መግቢታት ግቡእ ቆላሕታ ብምግባር ዝሰማምዖም መግቢ ኣብ ምልላይ ክጽዕሩ ይግባእ፡፡

ገለ ግዳያት ሕማም መርዘን፡ ሕማም ጉርጓሕ ከብዲ (celiac disease) ዘለዎም ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ከም ስርናይን ስገምን ዝኣመሰሉ ዝርከብ ማጠግለግ ዝብል 'ግሉተን' (gluten) ዝተባህለ ፕሮቲን ነቲ ሕማም ከለዕሉሉም ይርአ እዩ፡፡ ስለዚ እቶም ግዳያት ኣብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓይነት ኣእካል ግቡእ ቆላሕታ ክገብሩ ይምረጽ፡፡

**ከሚካላዊ ወሃደት ዘለዎ መግቢ ዘይምውሳድ**

መግቢ ምስ ተመገብካ ብቕጽበት መርዘን ይለዓለካ እንተኾይኑ፡ እቲ ዝወሰድካዮ መግቢ 'ሞኖሶድየም ግሉታሜት' (monosodium glutamate-MSG) ዝተባህለ ከሚካላዊ ወሃደት ዘለዎ ክይከውን ኣስተብህል፡፡ ከም ድንሽ ወይ ስጋ ዝኣመሰሉ ዝተቐልዉ መግቢታት፡ ዝተዓሸጉ መግቢታት ወይ ዝተማስርሐ ስጋ፡ መማቐርቲ ቀመማት፡ ከም 'ማዮኔዝ፡ 'ኑቴላ' ዝኣመሰሉ ተለኽዮም ንቑርሲ ወይ ጠዓሞት ዝወሰዱ መግቢታት፡ ካፊን ወዘተ 'ሞኖሶድየም ግሉታሜት' ስለ ዘለዎም መርዘን ዘለዎም ግዳያት ክጥንቀቑሎም ይግባእ፡፡

**ኑበሸኻ ካብ ድርቀት ምክልኻል**

ሕማም መርዘን ንምቁጽጻር ካብቲ መሰረታዊ ክንገብሮ ዘለና ነገር ኑበስና ምጥላል እዩ፡፡ ሓደ ካብቲ ኣለዓዓልቲ መርዘን ተባሂሉ ኣብ ቀዳማይ ዝስርሕ ድርቀት ሰብነት እዩ፡፡ ድርቀት ብሓፈሻኡ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ርእሲ ኮይኑ እዩ ዝጥቀስ፡፡

ኣብ መዓልቲ ልዕሊ ሰለስተ ሊትሮ ማይ ምስታይ ንጥዕናና ጸቡቕ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ይግለጽ እዩ፡፡ እቲ ኹሉዶ መዓልታዊ ንጥፈታት ኣህኻኺ ምስ ዝኸውን ድማ፡ ካብ ድርቀት ንምክልኻል ዝያዳ ማይ ክነስቲ ኣለና፡፡ ኻፍሱዳር ወይ ተጥቡ ኣደ ድማ ዝያዳ ማይ ከም ዘድልየ ክትዘንግዕ የብልካን፡፡

**ትምገበሉ ሰዓት ዘይምስጋር**

ምጥማይ ሓደ ካብ ጠንቂ ሕማም ርእሲ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ሰዓትካ ብግቡእ ክትምገብ ይግባእ፡፡ ኣብ መዓልቲ ኣብ ክንዲ ኣብ ሰለስተ እብረ ብዙሕ መግቢ ምውሳድ፡ ወውሑድ እናገበርካ ኣብ መዓልቲ ክሳብ ሓሙሽተ ግዜ ክትምገብ ምኽኣል፡ ንናይ ጥሜት ስምዒት ንምፍዋስ ይሕግዝ እዩ፡፡ እዚ ኣገባብ ኣመጋግባ ከም ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ዝኣመሰሉ ሕሞማት ኣብ ምቁጽጻር'ውን ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ፡፡

**ምልክታት**

መርዘን ህጻናት መንእሰያትን ሽማግለታትን ከጥቅዕ ዝኽእል ሕማም እዩ፡፡ ምልክታቱ ድማ ኣብ ኣርባዕተ ደረጃ ተመቓሊሉ ይርአ፡፡

ኣዝህህታት (Prodrome)

ብሕማም መርዘን ቅድሚ ምጥቃዕካ ኣብ ዘለዉ ክልተ መዓልታት ተርእዮ ምልክት፦

- መንፋሕቲ ከስዐ፡
- ምቅይያር ኣደኻሁ/ ስምዒት፡
- ገለ ዓይነት መግቢታት ከወናወኑኻ ምርኣይ፡
- ምድራቕ ክሳድ፡
- ብተደጋጋሚ ምሻን፡
- ብተደጋጋሚ ምምባዃቕ ወዘተ እዮም፡፡

ጽልኣት ኣብ ብርሃን (Aura)

- ዝተፈላለዩ ምስልታት ኣብ ቅድመኻ ምርኣይ፡
- ብጹሓይ ብርሃን ብቐለሉ ምድንጻት፡
- ዓይንኻ ከሕወዝወዘካ ምስትብሃል፡ ነገራት ብግቡእ ክተለሊ ዘይምኽኣል፡
- ድኻም ኣብ ገጽካ ምንጽብራቕ፡
- ክትዛረብ ምሽጋር ምጥቃስ ይከኣል፡፡

**መጥቃዕቲ መርዘን**

ሕማም መርዘን መጥቃዕቲ እንተጀሚሩ ካብ 4 ክሳብ 72 ሰዓታት ክጸንሕ ይኽእል፡፡ እቲ ሕማም ምስ ተላዕለ ዝርእዩ ምልክታት፦

- ምሕር ቃንዛ ኣብ ሓደ ክፋል ሸነኽ ናይ ርእሲ፡
- እቲ ቃንዛ ርእሲ ተሮጉተሮግ ክሳብ ዝብል ምብርታዕ፡
- ንብርሃንን ድምጽን እንሓንስእ'ውን ንጨናን ምድህሳስን ተኣፋፊ ምዃን፡
- ዕግርግርን ተምላስን፡

ድሕሪ መጥቃዕቲ

- ምሕር ድኻም፡
- ቃንዛ ጭዋዳን ምስልቻውን፡
- ምዕጻው ሽውሃት፡
- ኣደካህ ክትዝርብ ምሽጋር፡፡

ካብ 2ይ ገጽ ዝቐጸለ

## . . . ዝምድና ዘደርዐ እዋናዊ ምብጻሕ

## ሪፖርታዥ - ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስዑድያ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብወገኑ፡ እቲ ዑደት - ተበጺሑ ዝለዎ ምዕባለ ንምዕዛብን እንታይ ክግበር ከም ዝከኣል ንምዝርራብን ዝዓለመ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ወደባት ንሓባራዊ ልምዓትን ብልጽግናን ዞባዊ ርግኣትን ከገልግላ ምእንቲ፡ ርእይቶ ኤርትራ - እቲ ዝግበር ወፍሪ ካብ ኣብ ምውድዳር ኣብ ምምልላእ ከተኩር፡ ካብ ናብ ጸቢብ ዞባዊ ዕዳጋታት ድማ ናብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ዝጠመተ ክኸውን ዝብል ከም ዝዀነ ኣገንዘበ፡፡

ኣብ ወደባት ዝግበር ወፍሪን ምትሕግጋዝን ካብ ብፖለቲከኛታት ብክኢላታት ክምራሕ ከም ዝግባእ ብምዝኽኻር ድማ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣብ መንጎ ወደባት ኤርትራን ስዑድያን ዝህሉ ምትሕግጋዝ - ክንዮ ምሃብ ኣገልግሎትን ክልተኣዊ ቁጠባዊ ረብሓን፡ ኣብ ምዕባይ ፍልጠትን ምርግጋጽ ኩሉመዳያዊ ሓባራዊ ምዕባለን ዞባዊ ምትእስሳርን ከተኩር ከም ዝግባእ ኣስሚሩሉ፡፡ ቀዳምነታት ኤርትራ ኣብ

ምምዕባል ወደባት ብምብራህ ድማ፡ ኣብ ሓፈሻዊ መርሓ-ጉደና ንምስምማዕ ቀጻሊ ርክባትን ምምኽኻርን ከም ዘድሊ ኣገንዘበ፡፡

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ነቲ ወደብ ብሓፈሻ ንተርሚናል ኮንተይነራት ድማ ብፍላይ ብመካይን እናተዘዋወረ ተዓዘበ፡፡

ኣብ'ቲ ዕለት ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ወከልቲ ኣካየድቲ ኣካላት ማሕበረኮም ሃገራውያን ውዳበታትን ጅዳን ከብ ኣንጻ




ርክብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ሰብ መዚ ወደብ ጅዳ

ርክብ ኣካየዱ፡፡ ንህልው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ዞባውን ዓለማውን ብድሆታት፣ ሓፈሻዊ ልምዓታዊ ፖሊስን ስትራተጅን ኤርትራን መድረኻዊ ተራ ዜጋታትን፣ ከምኡ'ውን ምስ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዘሎ ዝምድናን ሽርክነታዊ መደባት ንምትግባር ዘሎ ድሌትን ድሕሪ ምብራሁ፡ ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከብ ማሕበረኮማት ብምሕያል ኣበርክቶኦን ንምዕዛዝ ብዕቱብ ተታሒዙ ዝስራሓሉ ዘሎ ሃገራዊ መደብ ከም ዝዀነ ገለጸ፡፡

እቶም ወከልቲ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም መግለጺ ንቕሓቶም ኣበርኩ ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ከም ዝሕግዞ ብምጥቃስ፡ ከም ወትሩ መሰርዖም ኣስጢሞም ካብኦም ዝሕተት ንምምላእ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋገጹም፡፡

በዚ ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ወራሲ ዓራት መሓመድ ቢን ሳልማን ኣብ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ዝገበሮ ዕወት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዛዚሙ፡ ብ13 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ተመሊሱ፡፡



# ባህልን ስነ-ጥበብን

**ኤፍረም ሃብተጽዮን**

## ብዛዕባ ግጥሚ ክንፈልጦ ዘሎና

**ግጥሚ፥** ቋንቋ ስምዒት ወሸጢ'ዩ። ኣብ ወሽጥኻ ዝፍጠር ዛራ ሓሳባት፣ ጥዑዞን ጸባቖን ለቢሱ ቅርጺን ትርጉምን ብዘሎዎም ቃላት ናብ ግዳም ክወጽእ እንክሎ'ዩ። ግጥሚ፥ ኣብ ወሽጥኻ - ከም መርፍእ ካብ እትወግእ - ብልጭታ ሓሳብ ዝምንጩ ዕምቆት ሓሳባት'ዩ። ግጥሚ፥ ልሉይ ቅርጽን መሸከልን ዘሎዎ ህንጸት ሓሳባት'ዩ። ኩሉ ቅርጺ ግጥሚ ዝሓዘ ድርዳር ቃላት ግን ግጥሚ ኣይኮነን። ግጥሚ፥ ናይ ስነጽሑፍ ኣሃዱ ኮይኑ፥ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክንዲ ተራ ኣገላልጻ ስነጸባቐኣውን ረምታውን ቋንቋ - ከም ድምጺ ትእምርትነት፣ ሜተር፥ ምስሉስእሊ፥ ተምሳሌት፣ ወዘተ - ብምጥቃም ትርጉም ናይቲ ክብሃል ዝደለ ዘጉልሕ ጥበብ'ዩ።

ኣብቲ ፈለማታት፣ ኣፋዊ ስነግጥሚ ነበረ። ንዘቕጽለ መሰረት ድማ ኮነ። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ወይ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብኣፍ ክመሓላለፍ ዝጸንሐ፥ ዘዖንበቡ ወይ ዚደጽሕፉ ንዝደርስዎን ዘቐርብዎን ግጥሚታት ድማ ይወክል። ስለዚ፥ ምዝዋር ዋና ክእለት ነበረ።

ብመሰረት መምህር ሰለሞን ጸጋዬ ዘዳለዎ መጽሓፍ "ማሽን መልቀስን ቀዳሞት" ኣብ ቋንቋ ትግርኛ፣ ኣፋዊ ስነግጥሚ፥ እቲ ዝዓበየ ክፋል ስነጽሑፍ ናይቲ ቋንቋ'ዩ። ኣፋዊ ስነግጥሚ፥ ብዙሕ ዓይነትን ዝተፈላለየ ዝውታሬን ኣሎዎ። ማሽ፥ መልቀስ፥ ድጉዓ፥ ሕደማ፥ ኣውሎ፣ ኣውሎ ኾፈኮፍ፥ ሕምያን፥ ደርፋዊ ግጥሚ፥ ጨፈራ፥ ፈኸራ/ዘመራ፥ ወዘተ። መብዛሕትኡ ኣፋዊ ግጥሚ ብዜማ ወይ ሓደ ዓይነት ቃና ተሰኒዩ ናብ ሰሚዕቲ ስለ ዝቐርብ ኣዘናጋዕን ስሓቢን'ዩ። ብተጻጣሚ ድምጺታት (ብዓጋጢሚ) ዝበሃል ብምዃኑ፥ ብንጹር ኣብ እዝኒ ሰማዕቲ ዝድውልን ተዘርጊን'ዩ። ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንዋዩ ክጸንሕ ዝሕግዞ ቅርጺ ድማ ኣሎዎ። ነዚ ተዘርጊን ሱሓብን ቅርጹ ንምሕላው ኣፋዊ ስነግጥሚ፥ ምስቲ ክገልጾ ዝደለዮ ሓሳብ ፈጺሙ ዚይተኣሳሰር፥ ብድምጹ ግን ተገጣጢሚ ቃላት ዝጥቀመሉ ግዜያት ኣሎ - ዝበዝሕ እዋን ኣብ ደርፊ። ብሰዋስውን ስርዓት-ቋንቋን ኣመና ብዘይቅዳድ ኣገባብ ንኽቕርብ ዘፍቅድ ስነግጥማዊ ናጽነት (poetic license) እውን ይውንን። ከም ኩሉ መልክዓት ስነጥበብ ድማ፥ ዚይትንክፎ መዳይ ህይወት የለን። ኣገባብ ኣቀራርባኡ ምርኣታዊ (ናይ መድረኽ) እዩ. . . ብምባል ድሕሪ ምግላጽ መጽሓፍ "ማሽን መልቀስን ቀዳሞት"፣ ኣፋዊ ስነግጥሚ ቋንቋ ትግርኛ ብሓፈሻ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክፋላት ይምቀል ይብል፤

1. ደርፋዊ ስነግጥሚ
2. ጨፈራ
3. ግጥማዊ ምስሌታት
4. ማሽ፥ መልቀስ፥ ሕምያን

ግጥሚ፥ ኣብ መላእ ዓለም ዝማዕበለ ነዊሕን ዝተፈላለየን ታሪኽ ኣሎዎ። ናብ ቅድመ-ታሪኽ ዝሰደድ፥ ምስ ናይ ሃድን፥ ቃል ናእዳ፥ ደጉዓ ዝሰነ ግጥሚ፥ ኣብ ጥምጥም ኣፍሳጋት ኣፍሪቃ ኣብ ዝነበሩ ሕብረተሰብ ይዝውተር ነይሩ ይብሃል። ገለ ካብቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝጠንተወ ጽሑፍ ግጥሚ፥ እቲ ኣብ ጽሑፋት ሃረም (ፒራሚድ) ኣብ 20 ዘመን ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ዝተጻሕፈ'ዩ። እቲ ክሳዕ ሕጂ ህቡብ ዘሎ ናይ ሰሜናዊ ኤሺያ ግጥሚ "ቅያዊ ቅኔ" ድማ እቲ ናይ ገልጋመሽ እዩ።

ጥንታዊ ኤውሮ-እስያዊ ግጥሚታት፣ ካብ ባህላዊ ደርፍታትን ሃይማኖታዊ ማህሌትን ወይ ካብ ከም ናይ ሆመራዊ ቅያዊ ቅኔ - ኢልያድን ኦዲሰን - ዝኣመሰለ ዝተበገሰ'ዩ።

ጥንታውያን ግሪኻውያን - ከም ናይ ኣሪስቶትል ፖየቲክስ - ንግጥሚ ካብ ዘረባ ኣብ ዘይብሉ፥ ድራማ፥ ደርፊ ከምኡ'ውን ኮሜዲ ብምትካር ይገልጽዎ። ዝቐጸለ ፈተነታት ድማ ኣብ ምድግጋም ቃላት፥ ቅዲ ስታንዛ፥ ስዒት (rhyme) ብምትካር፥ ኣብቲ ንግጥሚ ካብ ሓብሪ ተራ ጽሑፍ ዝፈልዮ ስነጸባቐኣዊ ባእታታት ኣድሂቡ ጸቒጠ።

### ቀዳሞት እንታይ በሉ፤

ኣሪስቶትል፥ ሰለስተ ዓሌታት ግጥሚ ኣቕሪቡ፤ ቅያዊ ቅኔ (epic)፥ መስሓቒን (comic)፥ ኣሕዛኒን (tragic)። ድሒሮም ተመራመርቲ ስነጽባቐ፣ ካብዚ ብምብጋስ፥ ሰለስተ ዓበይቲ ዓሌታት ግጥሚ ኣለለዩ፤ ቅያዊ ቅኔ፥ ደርፋዊ ቅኔ፥ ድራማዊ ቅኔ (ንኮሜዲን ትራጀዲን ድማ ከም ንኡስ ዓሌት ድራማዊ ግጥሚ መደብዎ)።

### መሸከላትን ባእታታትን ግጥሚ

ግጥሚ፥ ብዙሕ ነገሩ ዘማልእ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዝተፈላለየ መለለዪታት ድማ ኣሎዎ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ንምጥቃስ፥ ረምታ፣ ስነቓና (prosody)፥ ሜተር፥ ስዒት፣ ድጋም ፍእመተ-ቓል (alliteration)፥ ድግግም፣ መዝርዕ/መሸከል (form)፥ መስመራትን ስታንዛታትን፥ ስእላዊ ኣገላልጻ፥ ኣነጋግራ (diction)፥ ቅርጺ (structure)፥ ሶኔት (14 ዝመስመሩ ግጥሚ)፥ ቪላኔለ (villanelle) - 19 መስመር ግጥሚ (5x3+4)፥ ሊመሪክ (ሓሙሽተ ዝመስመሩ፥ እተን ክልተ ቀዳሞት ምስታ መጠረሽታ ቤት ዝገርማ መስሓቒ ግጥሚ)፥ ታንካ (tanka) 5-7-5-7-7 ዝመስመራ፥ ሃይኩ (haiku) – ኣብ ሰለስተ መስመር ዝግለጽ ህቡብ ጃፓናዊ ግጥሚታት፥ ወዘተ.

ደራሲ መጽሓፍ "ህያው ደብሪ" ተስፋማርያም ወልደማርያም፣ ኣብታ ኣብ 2019 ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝተሓትመት መጽሓፉ "ትግርኛዊ ሃይኩ" ዝበሃል ምዕራፍ ኣሰፊሩ'ሎ። ገለ ካብተን ግጥምታት፣ ኣብነታት ትግርኛዊ ሃይኩ ብምባል ከቕርቦ፥

ኩሕሊ
ንዕዘትን ኣምሕርዎትን
ዘየዳትሕ እንካብ ኩነ__
'ቲ ያታዊ መጉት ናይ ባህሊና፤
ኣወቃቢ ጥራሕ ዲ'ዩ ኸ!
ፈውሲ ወርሻ'ዩ፤
እቲ ሕሩጭ ናይ ኩሕሊና።

***

ደሃይ ናይ ጸሞና
ምስጠር-ምሒ ደኣ'ዩ'ምበር
ኣዝዩ'ውን ዚተፈልጠ ኣብ መንገና
ጸናወሩው፥ ጭውጭው'ዩ ዚብል፤
ድምጺ ናይ ጸሞና. . .

***

### ዓይነታት ግጥሚ

እዮም ዝውቱራትን ቀንደን ዓይነታት ግጥሚ እዮም ዝስዕቡ እዮም፥ ኣዘንታዊ፥ ደርፋዊ፥ ቅያዊ፥ ሆላዊ፥ ወዩ፥ መልቀስ፥ ድጉዓ፥ ድራማዊ፥ ግምታዊ፥ ሰዲ ንጡፍ፥ ልዙብ፥ ምርኣታዊ፥ ወዘተ። ብኹሉ መዳያት ርእዮም ንግጥሚ ኣብ ምትንታን ዝሕግዙ ባእታታት ድማ ፈለዩ፥

### ባእታታት ትንተና ግጥሚ

- ዓሌት ወይ ቅዲ ናይቲ ግጥሚ እንታይ እዩ፤
- ኣብቲ ግጥሚ መን'ዩ ዝዛረብ ዘሎ፤
- ምጉት፥ ሰረተ-ሓሳብ፥ ወይ ዛዕባ ናይቲ ግጥሚ እንታይ እዩ፤
- ቅርጺ ናይቲ ግጥሚ ከመይ ይመስል፤
- ምክና ናይቲ ግጥሚ፤
- ኣጠቓቕማ ምስሉ-ሓሳብ (ኣብ ኣእምሮ ዝቐረጽ ሓሳባዊ ቋንቋ)
- መሰረታዊ ሓሳብ ወይ ምንጪ ግርጭት፥
- ተራ ድምጺ ናይቲ ግጥሚ ኣብ ትርጉሙ ከመይ ይመስል፤
- ኣጠቓቕማ ቋንቋ፤
- ምስ ኣብ ዝሓለፈ ዝተጻሕፈ ዘሎዎ ምትእስሳር፤
- ኣንባቢ ካብታ ግጥሚ እንታይ እዩ ክጸቢ፤
- እታ ግጥሚ ክሳዕ ክንደይ ንኣንባቢኣ ብባህልን ታሪኽን ትቐርቦ፤
- ከርናዕ ርእየትን ስነሓሳብን ናይቲ ግጥሚ እንታይ እዩ፤

### ብዛዕባ ግጥሚ ካብ ዝተባህለ፤

1. ግጥሚ፥ ዕዮ ስነጽሑፍ ኮይኑ፥ ፍሉይ ቅርጽን ረምታን ሒዙ፥ ልዑል ኣተኩሮ ዝወሃቦ መግለጺ ስምዒትን ሓሳባትን'ዩ። (Oxford Dictionaries)
2. ጽዑቕ ቅጀላዊ ንቕሓት ተመኩሮ ዝቕምር ዓይነት ጽሑፍ ኮይኑ፥ ፍሉይ ናይ ስምዒት መልሰ-ግብሪ ክህብ ብዝኸእል ዝተመርጸን ዝተሰርዐን ቋንቋ ገይሩ 'ትርጉም፥ ድምጺ፥ ረምታ' ይፈጥር። (Merriam-Webster)
3. ጥበብ ረምታዊ ምቕንባር ኮይኑ - ጽሑፋውን ኣፋውን - ስምዒት ንምቕስቃስ ተባሂሉ ብጸብጻብ፥ ቅጀላዊ ወይ ክቡ ብዝበለ ሓሳባት ዝጸሓፍ። (Dictionary.com)

ፕሮፌሰር ሰዩል ዝበሃል ሃያሲ፥ "ቃላት ግጥሚታት ካብ ርእሲ'ምበር ካብ ቁጠባ ኣይኮኑን ዝፍልፍሉ" በሉ።

"ግጥሚ ጉይታ ስነጽሑፍ እንተ ተባሂለ'ውን፥ ዓራ ብዋሁድ ኣይተጠቐምኩሉን ኢሉ፥ ኣይምተቓወምኩን። ዋና እንተ ረኺበስ ሓኸለ ስነጽሑፍ ምኻኑ ብልበይ እየ ዝኣምን። ገለኦም ዝዝዓደሉ ክንፊ ግጥሚ ተወጢሖም ዝጽሕፉዎ፥ ማለት ንርሕቀቱ ኩነ ንዕበዩ ዝመዝን ማእለያ ዘይብሉ ሃዋህው ስምዒት የቐንእ እዩ። ኣብ ጸምዋ ሓሳበይ ኩይነ ዳርጋ ኩሉ ክብልዎ ዝደልዩ ክብሉ እንታይ ይተርፎም እብል። ኣብ ውነ ፍርሓቶም ተላገነ፥ ወይ ኣብ ቅዲ ድኽነቶም ተሸከዐ፥ ወይ ድማ ኣብ ሕጽረት ቋንቋኦም ተቐርቂሩ ዝተርፍ መግለጺ ህይወት ዓለሞም የለን" ዝበለ ከኣ በየነ ሃይለ ኣብ መጽሔት ጽዓ፥ ቅ.1፥ ቍ. 1፥ ኑሓሰ 2006 እዩ።

ኣምባርቶ ኤኮ ዝበሃል ኢጣልያዊ ጸሓፊ ብወገኑ፤ "ክልተ ዓይነት ገጠምቲ ኣለዉ፤ ንፉዓትን ሕማቓትን። እቶም ንፉዓት ኣብ 18 ዓመት ዕድመኦም ዘጸሓፉዎ ግጥሚ ዘቃጽሉ፥ እቶም ሕማቓት ከኣ ክሳዕ ዝሞቱ ግጥሚ ዝጽሕፉ።"

**ምንጪ፥ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ስለ ግጥሚ**

• • • • • • • • •

### ኩርናዕ ገጠምቲ

### ዕድመ

ኣብቲ ኀቦ ናይ ህይወት መሳልል
እናክትድይቦ በሪኹ ዝሓደር
በቲ ሽታሕትሓ ርእዩ ከንቀልቀል
ተዳዩ ሕልናይ፥ ኣመተይ ክኹብር -
ከም ቀደሙ፥ ብርትዒ ገሪሙ።

"ንምኻኑ፥ ክንደይ ገይርካ ዕድመ?"
ሓቲቱኒ እናተገረመ፣
ሓቲቱኒ ኢለ ሕቶ ኣዚለ
ማሰሉኒ ዘይተመቓለለ፥
"ኣርብዓ ዓመተይ!" በልኩዎ ተማእዲደ።

"ዋይ ኣነ ግዲ!
ኮይኑካ ደዩ ተመርዒኻ ንእዲ!"
እናበለ ክብለለይ ወየ
ሰማዩ ሕልናይ፥ ቀልቢ ዘለየ።

"በል ኣስተውዕል!
ንብረት ግኡዝ'ዩ ብግዜ ዝሰፈር
እንተ ሰብ ከምኻ እዚ ረቂቕ ፍጡር
ከከም ተግባሩ'ዩ ኣብ ዓለም ዝነብር"
በለኒ ሕልናይ
እናተደሃየ ናባይ።

ኣሻቡ!
እንተ ተጠወኹ ኣንፈተይ ክለሊ.
ምልቓ! 'ዛ ልበይ፥ ርእየ ንትማሊ.
ጾብለል ኢሉ ልዕሊ ሎሚ፥
"በቃ! ክጽዕት'የ!" ኢለ ምሕሉጥሒሉ።

እንተኾነ፥ ሰምዑ'ታ
ናይ ሎሚ ኑብሰይ ምንእስ ንዕመታ
ሕሉፈይ ምኻኑ ናይ ጸገሐይ ዛንታ
ንታሪኸይ ህይወት ክልብስ
ጀመርኩ ብዘወለ ክንቀሳቐስ።

ድኻመይ ኣለልየ ህይወተይ ክልውጥ
ሓደ ኢለ ጀሚረ ንርእሰይ ክፈልጥ
ፈለጥኩ ድማ ሓንቲ ከም ዘይፈልጥ!
'ቲ ዘይምፍላጠይ
ጸልማት ናይ ህይወተይ
ንሱ'ዩ ጠንቂ ጉዕዞ ኣንፈተይ
ቀጻር 'ተበልኩስ በዚሑ ሕንከተይ!
ባዶ ብምኻነይ
ፍረ ባዶነተይ።
ሳላ ሕልናይ ግን ተላዚበ ምስ ኑብሰይ
ሀ ኢለ ጀሚረ ክቕጽር ትንፋሰይ
ትምህርቲ ንኻልኦት፥ ሰድ ሕሉፈይ።

ሕድራይ ሰመረ
ኣብል ሕርሻ ን/ዞባ ደቡብ

---

## ደሃይ ሕትመት

## ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን

ብኣቶ ተስፋይ ቀለታ ደምሳስ ዝተዳለወ "ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን" ዝርእሱ መጽሓፍ ዓርቢ 05 ታሕሳስ 2025 ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ምስ ኣንበብቲ ተላለዩ። ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፥ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ኣብቲ መጽሓፍ ዘለዎም ንባብ፥ ገምጋም፥ ትዕዝብቲ . . . ኣካፈሉ።

መጽሓፍ "ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን"፥ "ስነ-ኣገባብ ምርምር"፥ "ወጽኢተኛታት ብዛዕባ ኤርትራን ህዝባን ዘየዳዉዎ ምርምር"፥ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣሃዱታት "ትምህርትን መጽናዕትን ህዝባዊ ግንባር" ዘካየድኦ መጽናዕትታት ዝሓፍን ሰለስተ ክፋላት ኣለዎ። ዝርዝር ኣሰማት ኣገደስቲ መጻሕፍቲ (ብጠልያግራፊ) ዝሓዘ ክፋል'ውን ከም ራብዓይ ክፋል ዝርአ'ዩ።

ብመሰረት መግለጺ ኣቶ ተስፋይ ቀለታ፥ ሕመረት ናይ'ዛ መጽሓፍ፥ እቲ ንስነ-ኣገባብ ምርምር ዝገልጽ ቀዳማይ ክፋል'ዩ። እቲ ምኽንያት ከኣ ኣንቅዶ'ዛ መጽሓፍ፥ ብዛዕባ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራን ምውሓስ ልዑላውነትን ብሓፈሻ፥ ውልቀ ዝኽርም ክጽሕፉ ንዝበጽሑ ድማ ብፍላይ፥ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተዋፈሩሉ ዓውዲ ዝዩንዴም ጉዳያት ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ፍታሕ ክናደዩ ንዝህቅኑ ኣብርክቶ ንክትገብር'ዩ። "እዛ መጽሓፍ'ዚኣ፥ ተጋዳላይ ይኹን ዋርሳይ ወዕሎኡ ንክፅምዞ፥ ኣሰራሒ ኣብ ቤት ዕዮኡ ዝዩንዴ ጸገማት ንክፍታሕ፥ መምህር ጸገማት ተመሃሮኡ ኣለልዩ መፍትሒ ንክረኽብ፥ ኣመሓዳሪ ኣብ ምምሕዳሩ ንዘርእዩ ጸገማት ብመጽናዕቲ ንክፈትሖ ወዘተ ዝሕግዝ ትሕዝቶ ኣለዋ" ይብል ደራሲኣ ኣብቲ ምስታ መጽሓፍ ክላሊ ዝተዳለወ በራሪ ጽሑፋት።

ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ኣብቲ ዓውዲ ተመኩሮ ዘለዎም ሞያውያን ካብ ዝሰዎ፥

"እዛ 'ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን' እትብል መጽሓፍ፥ ኣጸሓሕፋኣ ልዙብ፥ ቀደም ተኸተል ግዱም፥ ብቑዕ ነገራ ዝዋሕለለት፥ ብመወከሲ ዝሳብተመት ኮይና ረኺበያ። ቅድሚ ምርምር ምክያድ ክትንበብ ዘለዋ መጽሓፍ'ያ" ፕሮፌሰር ክፍላይ




ገብረመድህን ዩኒቨርስቲ ኮርኔል ሒመኣ።

"እዛ መጽሓፍ ክትዕወተሉ እትኽእሉ ባይታ ብኸመይ ክፍጠር ይኽእል? ናብ እትብል ሕቶ ክሰግር። ብኽኢላታትን ኣንበብቲ መጽሓፍን ክትንበብ ኣድላዪ እዩ። ምንባብ ጥራይ ግን ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን። ተመራመርቲ ኣብዚሓ፥ ብፍላይ ድማ ናይ ታሪኽ ምርምር ኣብ ሃገርና ዝሰጉሙሉ ኩነታት ኣብ ምምዃእ እጃማ ከተወፊ ትጸበት ይግበረሉ" ፕሮፌሰር ጉብረብርሃን ዑቕባዝጊ።

"መጽሓፍ 'ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን' ብጽሩይ ኣጠቓቕማ ቋንቋኣን ዋሕዚ ሓሳባታን፥ በቲያም ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዛዕባ ንኡስ ኣርእስትን እተልዕሎም ህያው ዝኾነ፥ ኣብ ከውንነት ዝተመርኮሰን ሃብታም ዝኾነ ውልቃዊ ተመኩሮ ደራሲ ዘንጸባርቑ ኣብነታትን ዝተሰነየት ምኻና፥ ተመሳጢ ብዘይ ምቁራጽ ከንብቦ ተገዲደ" ዶክተር ሓሊማ መሓመድ።

"እዛ መጽሓፍ ብዓይነታን ትሕዝቶኣን ካብቶም ቅድሚ ሕጂ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ ፍልይ ዝበለት እያ። ፍሉይነታ ድማ፥ ንሶም ቅድሚ ሕጂ ዝተጻሕፉ መገምገሚ፥ ንሶም ኣብ መጻኢ ክጽሕፉ ንዝበጽሑ ከም መወከሲ ከተገልግል'ያ። ብሓጺሩ፥ ኣብ ምርምራዊ ስራሕ መወከሲት ትኾና ረኺብና ኣሎና። በዚ ጠበይ'ዚ ድማ፥ እዛ መጽሓፍ፥ ወጋኢ ፋና ወይ መዋሲት (pioneer) ናይዚ ዓውዲ እያ። ቅድሚ ሕጂ ከም'ዚ ዝመሰለ ሃቐነታት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ከምዚ ገይሩ ከሹኑ ዘቕረበ ግን (ብወገነይ) ኣይረኣኹን" ዶክተር ተመስገን ተስፋማርያም።

መጽሓፍ "ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን" ብኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብ ኣገልግሎት ማሕተም ሳብር ዝተሓትመት፥ 390 ገጻት ዘለዋ፥ ስነ-ኣገባብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን ዝሓዘት መጽሓፍ እያ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ግርማይ ተወልደ ገብረገየርጊስ ስም ኣደይ ዘውዲ ተሰፋጋብር ምግባል ተሪፉ፣ ዘውዲ ፅንዓይ ተሰፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሳብሪ ሰዪድ መሓመድ ምግባል ተሪፉ፣ ሳብሪ ፍስሃየ ሃብተ ተከኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትሆግስቲ ወልዱ ነጸረኣብ፡ ኣቦይ ወልዱ ነጸረ ገብረኪዳን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሉተይ ኣሰፍሃ ኣቦይ፡ ብፃል ቤተይ ኣርኣያ ጎበዘ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ልዋም ተኽለማርያም ሞገስ፡ ኣቦይ ተኽለማርያም ሞገስ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ራሄል ኣምባሳጀር ተሰፋይ፡ ኣቦይ ኣምባሳጀር ተሰፋይ ደስታ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 12 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ጉዑ ነማርያም ገብረመድህን፡ ብፃል ቤተይ የውሃንስ ስብሓቱ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕርብ፡፡

ወ/ሮ ሰብሓ ድራር፡ ስም ኣደይ ዘይኑብ መሓመድ ምግባል ተሪፉ፣ ዘይኑብ መሓመድሰዒድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ፊሽን ናፍዕ ምግባል ተሪፉ፣ ፊሽን ተሰፋዝጊ ገ/እግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ፍታው ተሰፋሂወት ክፍለእየሱስ ምግባል ተሪፉ፣ ሄለን ተሰፋሂወት ክፍለእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ምልክታ ጨረታ

ሚ/ሪ/መ/መራኸቢታትን ንዓመት 2026 ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ስራሓትን ኣገልግሎታትን ዝሀቡ ትካላት ኣወዳዲሩ ውዕል ክኣቱ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

1.ምጽጋን ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሓ (ኮምፕዩተር፡ ፕሪንተር፡ ፋክስ፡ ፎቶ ኮፒ ወዘተ)
2. ምምላእ ቀለም (ፕሪንተር፡ ፎቶ ኮፒየርን ፋክስን)
3. ምጽጋን መፋትሕ

ክማልኡ ዘለዎም ረቛሒታት

1. ናይ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ኦርጂናልን ቅዳሕን ወረቐት መንነትን ምቕራብ፡፡
2. ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ከም ዝኸፈልካ ዘረጋግጽ ክሊራንስ ማብቆዓዊ ሰነድን ቅዳሕን ምቕራብ፡፡ እቲ ማብቆዓዊ ቅዳሕ ምስቲ ቅዳሕ ተገጺሩ ተመላሲ ይኸውን፡፡
3. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታታሊ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡፡
4. ጨረታ ኣብ መበል 10 መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ኣብ ቀጽሪ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚ/ሪ/መ/መራኸቢታትን ዝርከብ ኣዳራሽ ቁ. 303 ተጫረትቲ ባዕሎም ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዘለዉሉ ይኽፈት፡፡ መበል 10 መዓልቲ ስራሕ ኣብ ዘይብሉ መዓልቲ ምስ ዝውዕል ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኽፈት፡፡
5. ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ሓምሳ (50.00) ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማ/ቤ/ጽሕፈት ሚ/ሪ/መ/መራኸቢታት ቤት ጽሕፈት ቁ/317 ይወሰድ፡፡
6. ኣብ እዋን ምኽፋት ጨረታ ተጫራቲ ባዕሉ ወይ ሕጋዊ ወኪሉ ምስ ዘይርከብ ቡቶም ዝተረኽቡ ተጫረትቲ ጨረታ ይኽፈት፡፡
7. ሚ/ሪ/መ/መራኸቢታትን ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 182570 ብምድዋል ተወከሱ፡፡

ሚ/ሪ/መ/መራኸቢታትን

---

ኣነ ሂወት ኪዳ ግደይ፡ ካብ ወ/ሮ ጸሃይነሽ ኪዳ ግደይ ዝዓደግዎ ህንጻ ኣብ ኣባሻውል ዚፕ 119 ፕሎት 48Q ፓርስል I ዝርከብ ስፋሓት መሬት 40.3 ት.ሜ ተራ ገዛ ኣብ ጎደና 119-9 ዝርከብ ቁጽሪ ምስክር ዋንነት 1.006605 ኮይኑ፡ ሕጂ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ሕጋዊ መአገዲ ወረቐት ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘየለ ግን መሰርሕ ምትሕልላፍ ናብ ስመይ ክቕጽል ምኳነይ ኣፍልጥ፡፡

ሂወት ኪዳ
ወኪል - ሄለን ኪዳ

---

ኣነ ሂወት ኪዳ ግደይ፡ ብዕለት 21-11-2025 ካብ ወ/ሮ ሳራ ወልደሚካኤል ጉብሩ፡ ብውህብቶ ዝተዋህበኒ መንበሪ ገዛ ኣብ ኣኽርያ ከባቢ ማይ ኣንበሳ ዚፕ 1A 168 ፕሎት 35R ፓርስል 16 ዝርከብ ህንጻ ስፍሓት መሬት 158.81 ት.ሜ ኮይኑ፡ ኣብ ጎደና 168.1 ዝርከብ ቁጽሪ ምስክር ዋንነት 1BRASMO 19726/0 ዝኾነ፡ ሕጂ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት መአገዲ ወረቐት ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘየለ ግን መሰርሕ ምትሕልላፍ ናብ ስመይ ክቕጽል ምኳነይ ኣፍልጥ፡፡

ሂወት ኪዳ
ወኪል - ሄለን ኪዳ

---



### ምስጋና

ብመስዋእቲ ክቡር ብፃል ቤተይ ሌ/ኮ ዳዊት ኣርኣያ ወልዱ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ኣብ ሕክምና ዝበጻሕኩምና፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ ብጉዝዙብ ኮነ ብጉንዋትን ብሓሳብን ዝደገፍኩምናን ዝሓገዝኩምናን ቤተሰብ፡ መቕርብ፡ ኣዕሩኽትን መሳርሕትን ኩላትኩም ልባዊ ምስጋና እናቕረብና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ብፃልቲ ቤቱ ወ/ሮ ጹዳል ገብረኪዳን መሻሾ ምስ 4 ደቁ
ኣሕዋቱ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ወላዲትና ናይ ዕድመ ብፃልቲ ጸጋ ወ/ሮ ሓረገ ተሰፋማርያም እሴት፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ባሮ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን መራሕቲ ሃይማኖትን ኩሉኹም ኣሕዋትናን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ስድራቤት ነ/ሄር ፊተውራሪ ገ/ማርያም ሓጎስ
ምስ ምሉኣት ቤተሰብ

---



### ምስጋና

ብልቢ ኣፍቅራ ወላዲትና ወ/ሮ ተማቡሩ ገብረሂወት ዞርያስ፡ ኣብ ግዜ ሕማም ዝበጽሕኩሙ፡ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብራ ኣብ ወኪ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምና፡ ቴሌፎን ብምድዋል ካብ ወጻኢ ሃገር ዘጸናናዕኩም፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዮጸና ንሕብር፡፡

ትርሓስ መሓሪ ድራር

---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ እኣፍቅራ ሓብትናን ወላዲትናን ኣብርሃት ጸጋይ ገብረታትዮስ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ቤት ገርግሽ ኣስመራ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

---

ወሃንቲ ብርኪ ኣየለ ኣኮሎም ስድራቤቱን ሓዝበማ ዕለት 07/10/2025፡ ዞየድናዮ ዘይስሩዕ ኣኼባ፡ ብበዝሒ ድምጺ እዚ ዝስዕብ ውሳነ ሂብና ኣሎና፡፡
ኣካያዲ ስራሕ ዝነበረ ኣቶ ኢሲያስ ኣየለ ኣኮሎም ብወ/ት ሄለን ኣየለ ኣኮሎም ንኽትትካእ፡ ወ/ት ሄለን ኣየለ ኣኮሎም ናይ ኣየለ ኣኮሎምን ስድራቤቱን ሓ.ዝ.ቢ.ማ ኣካያዲት ስራሕ ኮይና ክትሰርሕ ተወሲኑ ኣሎ፡፡

ኣየለ ኣኮሎም ስድራቤቱን ሓ.ዝ.ቢ.ማ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ባንኪ ልምዓት፣ ተኸሳሲ ቁ.1.ፋኒኤል የውሃንስ ተሰፋማርያም 2.ኣረጋሽ ዓንደማርያም ፍስሃ፡ 3.ሉላ የውሃንስ ተሰፋማርያም 4.እስራኤል የውሃንስ ተሰፋማርያም 5.ሩፋኤል የውሃንስ ተሰፋማርያም 6.ቤቴኤል የውሃንስ ተሰፋማርያም፣ ናይ ገንዘብ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ወ/ሮ ተኽኣ ብርሃ ጻዕዱ ብዓል ቤተይ መም/ ጉብረማርያም ፍስሓጽዮን ሓይልየስ ስለዝዀረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሚኪኤር ሙልጌታ ሃይለ ምግቢ ተሪፉ፡ ህዝቂል ሙልጌታ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ተስፋሃንስ ወልዱ ተስፋዝጊ ምግቢ ተሪፉ፡ ተስፋይ ወልዱ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣይምን መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ግርማይ ተስፋጋብር ኣፈወርቂ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ህሉዋት ደቅና 2 መወትቲ ተተካእቲ 5 ደቆም ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

1.ሳራ ተወልደመድህን ገብረያሱስ 2.ገነት ተወልደመድህን ገብረያሱስ፡ ኣዴና ቅዱሳን ወልደማርያም ተመልሶ ስለዝዐረፈት፣ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ምሕረት የሴፍ ዳንኤል ምግቢ ተሪፉ፡ ልሄም የሴፍ ዳንኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ተስፋገርግሽ ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ዛይድ ሓይላይ ተኽሉ ስለዝዐረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብርሃጼን ሃብታይ ገብረኣብ ምግቢ ተሪፉ፡ ሰምሃር ሃብታይ ገብረኣብ ተባሂሉ ይታኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

መርሃዊ ገብረትንሳኤ፡ ስም ኣደይ ሳባ ሱልጣን ደባስ ምግቢ ተሪፉ፡ ሳባ ስልጣን ደባስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ዛህራ ሓምድ መሓመድ ምግቢ ተሪፉ፡ዛህራ ሓሚድ ጀቢብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤደን ብርሃ ዑቕባስላሴ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ሰለሙን ባሲልዮስ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኑብዮት ገብረልኡል፡ ጓለይ ሉና ኣስመሮም ሰዩም ስለዝዘሰወኣት፡ ኣነ ምስ ወላዲኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ትርሓስ በየኑ ብዓል ቤተይ ሌኮ ታፈረ ተኽለወልዲ ጉብረታትዮስ ስለዝዘሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብርኽቲ በሪሁ ኪዳኑ ብመንገዲ ወኪላ ኣቢሉ፡ ኣደይ ኣበባ ጠዓመ ዓንደሃዋርያት ስለዝዐረፈት፣ ንዓይ ምስ 1 ሓፍተይ ዝገደፈትልና ሰበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ጉዕይ ሃይለ ኣብርሃ፡ ጓለይ ቅሳነት ሰምኦን ኤፍሬም ስለዝዐረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጉዕይ ሃይለ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ሰምኦን ኤፍሬም ሰረቀ ስለዝዘሰወኦ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሶፍያ ያሲን መሓመድ ምግቢ ተሪፉ፡ ሶፊያ ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ጸጸራት ቤት መኻእ ዓዲ ቂገዙ ብቁፍቓድ ዋኒን ASL00040861 ናይ እንዳ ፎርኖ ትካል ናይ ወ/ሮ ሳባ ተኽለኣብ ፎቶ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ቤት መኻእ ዓዲ ቂገዙ ብዕለት 20/08/2025 ቁ.መዝ 209/2025 ስለዝዓደኩዎ'ሞ ብስም ሺያጢት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝበል ኣካል እንተደኣሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስመይ ከም ዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ጺጋ ዳዊት ኣስፈሃ

ብስም ኣብርሀት ንገሰ ረዳኢ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዙባንዳ ዚፕ 1A756 ፕሎት 13 ፓርሰል I2 ጎደና 756-1 ቁ.ገዛ 11 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM018283 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ ይሕብር፡፡

ወኪል በርሀ መብራህቱ ደበሳይ

ኣነ ራህዋ ወልደትንሳኤ ሃብተማርያም፡ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 05 ዚፕ ኮድ 6K-1199 ፕሎት 24 ስፍሓት ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 300 ት/ሜ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ብህያብ ካብ ደገ ዑቕባጋብር ዘሩፋኤል ዝተዋህበኒ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ናብ ቤ/ፍ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ጨ/ቤ/ጽ ካዳስተር ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ራህዋ ወልደትንሳኤ ሃብተማርያም

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ኣስመራ፡ ኣብ ዚፕ 116-10 ፕሎት 49 ፓርሰል ክፋል 'C' ቁ.ገዛ 49 ብኣቶ ኣደም ሰዒድ ኣደም ዝፍለጥ ተራ መንበሪ ገዛ 3 ቀንዲ ክፍልታት ምስ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘሎዎ፡ ስፍሓት 100 ት/ሜ ብASD 00008874 ብASP00007435 ዝፍለጥ፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ብዮዚዮዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁምስክር ወረቐት 122491ብመወከሲ ቁ.119224 ብቁጽሪ መዝገብ ንብረት 46079/70818 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝዓደክዎ'ሞ ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝተኣወጀሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታዮ ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ኣስመራን የቕርብ፡፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ዝቃወም እንተዘይተረኺቡ ግን ኣብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ኣቶ ተኪኤ መልኣከ ተኸስተ
ወኪል ቀሺ መንግስትኣብ ሓይልኣብ ዑቕባጽዮን

ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ዞባ 1 ምም.05 ጎደና ዳግማዊት ኤልሳቤጥ፡ ብምስክር ወረቐት ቁ፡114315 መወከሲ ቁ፡126526 ፕሎት 100 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 54.03 ት/ሜ 2 ቀንዲ ክፍልታት1 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዝተደኮ፡ ብስም ደጃ.ተስፋሚካኤል ወርቀን ነፍሲሄራት ሓረጉ ጉብረሂወትን ዝተመዝገበ፡ ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋሚካኤል ምስ 11 ኣሕዋት ዝተመዝገበ ብጽሒት ናይ ነፍሲሄራት ወ/ሮ ሓረጉ ጉብረሂወት ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካደስተርን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዘለና ሰነዳት ሒዝና ጉዳይና ከንውድእ ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ የማነ ተስፋሚካኤል ወርቀ

ወ/ሮ ዘውዲ ተኽለሚካኤል ታፍላ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ንግዳዊ ትካለን፡ "ብሌን ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ" (BLIEN BEAUTY SALON) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com
ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ነውግድ

ሸዊት ገብረብርሃን

ህይወት ናይ መሰናኽል ጉዕዞ እያ። ንሕና ደቂ ሰባት ድማ እቲ ዝዓበየ መሰናኽል ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ሒዝና ብምጉዓዝና እንፈጥሮ መሰናኽል እዩ። እዚ'ዩ ድማ እቲ ዝዓበየ ናብ ውድቀት ዘምርሓና።

ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ጽኑዕ ዝኾነ ምሕዝነት፡ ስራሕ፡ ሓዳርን ዝምድናታትን ክፈጥሩ ኣይክኣሎምን'ዩ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ድማ መማረርቲ፡ ሓራቓት፡ ዕላማ ዘይብሎም፡ ጥዕና ዝጐድሎም፡ ጭኑቓት፡ ንሰባትን ገዛእ ነብሶምን ድማ ልዑል ዝኾነ ወጥሪ ዝፈጥሩ እዮም።ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ኣብ ቤቶም ምስ ስድራቤቶም፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ከኣ ምስ መሳርሕቶም ዘይምቹእ ኩነታት እዮም ዝፈጥሩ። ኣብ ከባቢኦም ንዘለዉ ሰባት'ውን ከም ናቶም ባህሪ ክህሉዎም እዮም ዝደፋፍኡ። ኣብ ግቡእ ስርሖምን ግዜኦምን ዘይርከቡ ክነሶም፡ ኣብታ ዝመጽኣላ እዋን፡ እቲ ኣብ ነብሶም ዘሎ ባህሪ ናብ ካልኦት ከሕልፉዎ ሃንፍንፍ እዮም ዝውስኹሉ።እዞም ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘሎዎም ሰባት ነቓፍቲ'ውን እዮም። ንዓለም ብምልእታ ይነቕፉዋ። ንስድራቤቶም፡ መምህራኖም፡ መጻምድቶም፡ ንቍጠባን መንግስትን ናይ ነብሶም ጌጋ ክነሱ ካብ ነብሶም ኣርሒቖም ናብዞም ዝተጠቕሱ ውልቀሰባትን መንግስትን የላግብሎም።

ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘሎዎ ሰብ እንተ ኴንካ፡ ነብስኻ ካብ ሕሉፍካ ገላልግላ፣ ነብስኻ ሓኺኽካ ናብቲ ቅኑዕ መገዲ ተጓዓዝ፣ ሕልምታትካ ኣነጺርካ ንቕድሚት ሰጉም። ብዛዕባ ቅኑዓት ነገራት ጥራይ ሕሰብ፣ ብዛዕባ ሓቂ፡ እምነትን ጽቡቕን ምሕሳብ፡ ንገዛእ ነብስኻ ቅኑዕ ደረጃ ኣተሓሳስባ ንኽትሃንጽ ሓገዝቲ'ዮም።

"ምስ ሰባት ርክብ ምፍጣርን ክትረዳዳእ ምፍታንን ልክዕ ከም ምፍሓር ወርቂ'ዩ፡" ይብል ኣንድሪው ካርኔጅ ዝተባህለ ምሁር ስነ ልቦና። ንሓደ ግራም ወርቂ ንኸተውጽእ ኵንታላት ሓመድ ክትፍሕር ኢኻ ትግደድ። ክትኵዕት ኢልካ ኣብ እትብገሰሉ ግን ነቲ ዝኼዓትካዮ ሓመድ ዘይኮንካ፡ ነቲ ዝረኸብካዮ ወርቂ ኢካ እትርኢ። ነቲ ብዙሕ ድኻም ዝሓተተካ ዘይኮንካስ ነቲ ዝረኸብካዮ ዓወት ተስተማቕሮ ማለት እዩ። እዚ እዩ እወታዊ ኣተሓሳስባ።

ኣብ ነፍሲወከፍ ሰብ፡ ጽቡቕ ነገር ከም ዘሎ እመን። ኣብ ዝኾነ ዘጋጥመካ ነገራት ድማ ካብኡ ቅኑዕ ዝኾነ ነገር ክንወስድ ክንክእል ኣለና። ንውሸጥና ኣዕሚቕና ክንፍትሽ ኣሎና። ኣብ ምጅማር ነገራት ዘይብሩህን ዘይንጹርን ኮይኑ ክርኣዩና ይኽእሉ እዮም። ዝኾነ ዝፈርሰና ዝምድና ክፈርስ ስለ ዘሎዎ እዩ ዝፈርስ። ኣብ ሓደ ስራሕ ውድቀት እንተ ኣጋጢሙ ካልእ ዘዐውት መንገዲ ሃሰስ ክንብል እዩ ዘሎና። ዝኾነ ዘጋጥም ነገር ከጋጥም ስለ ዘሎዎን ካብኡ ዝበልጽ ነገር ክንረክብ ምኽንናን ኣሚንና ክንጓዓዝን ቃልስና ከነሕይልን እዩ ዘሎና።

ብተወሳኺ፥ ኩነታትን ጸገምን ካልኦት ሰባት ክንርኢ ጥራይ ኢና እንህወኽ፣ ኣብኦም ዘሎ ጽቡቕ ነገራት ኣይነቕልበሉን ኢና። ዝተበላሸወት ሰዓት'ውን'ኮ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክልተ ግዜ ቅንዕቲ እያ። ስለዚ፡ ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ፡ ንነገራት ኣብ ክንዲ ናብ ሰባት እነውጣውጥ፡ ነብስና ፈቲሽና እወታዊ ኣተሓሳስባ ከነማዕብልን ምስ ነብስና ክንዛተን ክንክእል ኣለና።

ኣብዛ ዓለም ክሳብ ዝሃለና፡ ኣብ ህይወት፡ "ከምዚ ክኸውን ነይርዎ፡ ከምዚ ክገብር ነይሩኒ፡ ከምዚ እንተ ዝገብር ነይረ፡ ብኻ ከምዚ ወሲኸ ነይረ፡" ምባል እተን ዘሕዝና ቃላት እየን። ካብ ነይረ ዝብል ቃል ዝኾነ ዝርከብ ፋይዳ ስለ ዘየለ፡ ንዘለናዮ ውሁብ ኩነታት ምስ ዝሓለፍናዮ ጌጋታት ብምትእስሳርን ካብኡ ተመኩሮ ብምውሳድን ስጉምትና ከነስተኻኽል ጥራይ እዩ ዘሎና።

ሰባት "ሓደ መዓልቲ ከምዚ ክገብር እየ፡" ክብሉ እንክለዉ፡ እታ ሓደ መዓልቲ ብምባል ዝጽበዩዋ ዘለዉ ከም ዘይትመጽእ ርግጸኛ ክትከውን ኣሎካ። እቲ ዘሕዝን ነገር ድማ ንሱ'ዩ፣ ዝኾነ ዝሓሰብካዮ ጉዕዞ ከይከድካዮ ከለኻ ሓንቲ መዓልቲ ክትጽበ ኩሉ ነገራት እዩ ዝሓልፈካ።

ብዙሕ ክንገብሮ እንኽእል ነገራት ኣብ ውሸጥና ብዘሎ ዝተደጐለ ጸጋ ከነተግብሮ ንኽእል ኢና። ኣብ ክንዲ ብዘጋጥመና ሓደ ሓደ ወጣርን ፈታንን ጸገማትን ሽግራትን እነማርር፡ ዘሎና ጸጋታት ብግቡእ ክንፍትሸን ክንጥቀመሉን ክንብገስ ኣሎና። እዚ ድማ እወታዊ ኣተሓሳስባ ምስ ዝህሉወና ዝኽሰት ነገር እዩ።

ዓቕሚ ኣእምሮኡ ክብ ዝበለ ሰብ ሓንጉልን ኣተሓሳስባን ሰባት እዩ ዝጸሉ። ክብርታት ዝመሰረቱ ትምህርቲ ከኣ ንልቢ እዩ ዝጸሉ። እንተኾነ ልቦና ዘይብሉ ምህሮስ ሓደገኛ እዩ። ሓደ ሰብ ስነ ምግባርን እወታዊ ኣተሓሳስባን ዝተመልአ ትምህርቲ ዝቐሰመ ምስ ዝኸውን፡ ካብቲ ደረጃ ትምህርቲ ብምቍጻር ሊቕ ዝኾነ፡ እቲ ዝበለጸን ዕዉትን ምኻኑ እዩ ክፈልጥ ዘሎዎ። ትምህርቲ ብዘይ ልቦናን ስነ ምግባርን ናይ ባዶ ባዶ ስለዝኾነ። እቲ ቅኑዕ ዝብሃል ትምህርቲ፡ ርእስን ልብን ብሓደ ዘሰርሕ እዩ።

ኣብ ሓደ ሓደ ኣጋጣሚ ዝርአ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ዘይመስል ክንሱ ግን ከኣ ዝዓበየ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ከባቢና ንዕዘብ ኢና። ብደረጃ ትምህርቲ ልዕል ዝበሉ ሰባት፡ ንትሕቲኦም ዘሎ ከነኣእሱ ይርአዩ እዮም። ኣብ ሃገርና እቶም ተማሂርና እናበሉ ብደረጃ ትምህርቲ ካብኦም ንዝትሕት ዘነኣእሱን ዘናሽውን ክፈልጡዎን ክርድኡዎን ዘሎዎም ነገራት እምበኣር፡ ሳላ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ገዛ እንተወሓደ ሓደ ሰብ ብመዓርግ ዲግሪ፡ ካልኦት'ውን ብደረጃ ዲፕሎማን ሰርተፍኬትን ዘይተመረቐ ሰብ ዘሎዋ ገዛ የላን እንተ በልና ምግናን ኣይኮነን። ስለዚ፡ ምሁራትና ኣብ ክንዲ ብዝቐሰሙዎ ትምህርቲ ጸብለል ክብሉ ዝፍትኑ፡ ኣብ ዝተመደቡዎ ብዘበርክቱዎ ጸብለልታን እወታዊ ኣተሓሳስባ ዝተመልአ ኣካይዳን ብምርኣይ፡ ኣብነታዊ ስራሕ ክሰርሑ፡ ነቶም ብደረጃ ካብኦም ዝትሕቱ ክሕግዙን ኤርትራዊ ክብርታትና ክዕቅቡን እምሕጽን።



## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ምሳሌ ክልተ ኣትክልቲ ኣብ ህይወትና

ሓደ እዋን ሓደ ኩሉ ናይ ህይወት ነገር ዘሰልከዮ ሰብኣይ ነበረ። ህይወቱ ክልውጥ፡ ነቲ ዘሰርያ ሽቶ ንምብጻሕ ከይተሓለለ ጽዒሩ። እንተኾነ ኣንጻር እቲ ድኻሙን ጻዕሩን፡ ዓወት ዘይኮነ ፍሽለት ተገዚሙ። በዚን ወዲ ከምዝን መሪሩዎ፡ ኩሉ ናይ ዓለም ነገር ጠንጢኑ፡ በይኑ ናብ ሓደ ጫካ ከደ። ኣብ ማእከል እቲ ጫካ ምስ ኣተወ፡ ብኣጋጣሚ ሓደ ባሕታዊ ረኺበ'ሞ ምስኡ ተዓራረኸ። እቲ ኩሉ ዝረኸቦ ናይ ህይወቱ መከራ ድማ ነቲ ባሕተዊ ኣዕለሎ።

"ድሕሪ እዚ ኩሉስ ዓለም ራሕሪሐያ እንተ ባሕተኹስ ነውሪ ድዩ?" ክብል ዘረባኡ ብሕቶ ደምደመ እቲ መከረኛ ሰብኣይ።

"በል ርአ!" በለ እቲ ባሕታዊ ኣብ ቅድሚኦም ናብ ዝነበራ ክልተ ኣትክልቲ እናኣመልከተ። "እዛ ኣርቃይን እዛ ክንሻርን ትርእየንዶ ኣለኻ?" በለ ባሕታዊ።

"እወ፡" ብምባል ርእሱ ብእወታ ነቕነቐ ዓለም መከራ ዘጽገቦ ሰብኣይ።

"ነዘን ክልተ ተኽሊ፡ ኣርቃይን ክንሻርን፡ ዘርኢ ረኺበ ተኸልኩወን። ተኸታቲለ ማይ እናስተኹ፡ ብርሃን ከም ዝረኽባ እገብር፣ እድኵዐን'ውን ነይረ። እዛ ክንሻር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ፡ ቈጽላ ኣብ መሬት ከተቓልቅል ጀሚራ፡" ድሕሪ ምባል እቲ ባሕታዊ ዘረባኡ ቀጸለ፥

"ብኣንጻሩ፡ እዛ ኣርቃይ ንዓመታት ብዘይ ምቍራጽ ተኸናኺነያ፡ ካብ ሓደ ኢንች ናልዕሊ ክትነውሕ ኣይከኣለትን ነይራ። ኣብ ቀዳማይ ዓመት ለውጢ ኣይነበራን፣ ናይ ምዕባይ ኣንፈት ኣይነበራን። ግን ተስፋ ብዘይ ምቍራጽ ተኸናኺነያ። ኣብ ሓምሻይ ዓመታ ግን ዕብየት ከተርኢ ጀሚራ። ሓሙሽተ ዓመታ ምስ ኣሕለፈት፡ ኣብ ሓሙሽተ ወርሒን መንፈቕን፡ ዳርጋ ኣብ ሽዱሽተ ወርሓ ግን 31 ሜትሮ ቍመት ዘሎዋ ገረብ ኰይና፡" ብምባል ናብቲ ዓለም መከራ ዘጽገቦ ሰብኣይ ጠመተ እቲ ባሕታዊ። ይከታተሎ ከም ዝነበረ ብምስትውዓል፡ "ሕጂ እዛ ናይ ኣርቃይ ዘርኢ እዚ ኩሉ ዓመታት ደንዚዛ ስለ ዝጸንሐት ድያ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ጥራይ ገረብ ዝተቐየረት?" ክብል ሓተተ ባሕታዊ።

እቲ ሰብኣይ ሕቶ ናይቲ ባሕታዊ ግር ኢሉዎ ኣስቀጠ።

"እቲ መልሲ ከቢድ ኣይኰነን፡" በለ እቲ ባሕታዊ፣ "እታ ንዓመታት ካብ ሓደ ኢንች ዘይሓለፈት ንእሽቶይ ተኽሊ ኣርቃይ፡ እዚ ኩሉ ዓመታት ሰራውራ ተንውሕን ተደልድልን ነይራ። ነዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ዓቐን ክስከምን ደው ክብል ዝኽእልን ሱር



ኣብ ምድልዳል ጸኒሓ። እዛ ኣርቃይ፡ ተሪር ሰረት እንተ ዘይትገብር፡ ነዚ ዕብየት'ዚ ኣይምበጽሓቶን። እቲ ዘዕለልካኒ ቃልሲ ህይወትካ፡ ዕብየት ኣየርኣኻሉን፣ ግን ነቲ ዝመጽእ ዕብየትካ ዝጸውር መሰረት ተንጽፍ ከም ዝነበርካ ትፈልጥዶ?" ክብል ዘረባኡ ደምደመ እቲ ባሕታዊ።

'ዓለም ብፍትሓውነት ኣይርኣየትንን፡' ዝብል ዝነበረ መከረኛ ሰብኣይ፡ ናይ ዘይምሕላልን ሓያል ጻዕርን ዋጋ ተረድኦ። በቲ ክቕጽሎ ዝመደበ ዕላማኡ እናሓሰበ ብማእከል እተን ክልተ ተኽሊ ሓሊፉ ናብ ህይወቱ ተመልሰ።

ነጸብራቑ፥

ኩሉ ሳዕ ንለውጢ ንብህጋ ኢና፣ ብዙሕ ከኣ ንጽዕር፣ ይስመር ኣይስመር። ለውጢ ህይወትና ዝመጽኣሉ ጩራ ተስፋ ብማዕዶ'ኳ ዘይንርእየሉ እዋን ይህሉ እዩ። ከምኡ ኢሉ ዝነብር ካብ ዘይሃለወ፡ ቀዋሚ ኩነት ክሳዕ ዘይሃለወ፡ ለውጢ ውዒሉ ሓዲሩ ይምጽእ እዩ። እቲ እትብህጎ ለውጢ ኣብ ህይወትካ ምስ መጽአ ግን ነቲ ለውጢ ዘጽውርን ብዘላቕነት ምሳኻ ዘንብርን ዓቕምን ክእለትን ክትእክብ ጸኒሕካዶ? ባህግኻስ ሰመረ፡ ንእኡ እትበቅዕ ሰብ ኴንካዶ ትጸንሕ? ከምታ ተኽሊ ኣርቃይ፡ ሱርካን መሰረትካን እናኣደልደልካዶ ትዳለወላ ኣለኻ?

***

Inspirationalshortstories.com

# ዘዕባ ሎሚ

## ስዉር ሓደጋ ማሕበራዊ ሚድያ
## “ናብ ፍጡራት ዝኣቱ ዝኾነ ነገር፡ ብዘይ ኣበር ኣይኮነን”

ናትናኤል ግርማይ (ሜጋ)
ሚኒስትሪ ፍትሒ

(3ይን መወዳእታን ክፋል)

*እዚ ጽሑፍ'ዚ ካብ ዝተፈላለዩ ሰነዳዊ ፊልምታትን መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ዝተረኽበ ኮይኑ፡ ብጹሑፍ ተኣኪቡ ተወሲኹ፡ ሓሳባት ተማሊኡ ዝቐረበ እዩ።*




ማሕበራዊ ሚድያ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ኣብቲ መርበብ እኣቶዎ ኩሉ ሓበሬታ፡ እዚን ማሕበራዊ መራኸቢታት ኣብ ዝውንንኦ ሰርቨራት ይምዝገብ እዩ። እዚን ሰርቨራት ንወዲ ሰብ ተኪኦን ብናተን ብልሒ እየን ንጥፈታተን ዘካይዳ። ብፍላይ ኣብዚ ግዜ'ዚ በቲ ተበጺሑ ዘሎ ኪኑታዊ ብልሒ (AI) እዚን ሰርቨራት፡ መን ኢና፧ እንታይ ኢና ንደሊ፧ እናፈለጣ እየን ዝኸዳ ዘለዋ።

ኣብ ኢንዱስትሪ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ሓላፊ ዕቤት ዝተፈላለያ ትካላት ኮይኑ ዝሰርሐ ቻናዝ ንዕላማ ስርሑም ክገልጽ ከሎ፥ ‘ብዘቐልጠፈ መንገዲ ናይ ሓደ ተጠቃማይ ስነ ኣእምሮ ብምርዳእ ከሎታልሎ'ዩ ናትና ድሌት። ተኣቀፍቲ ክፋል ሓንጎልና ብምፍላጥ፡ ብኸመይ ንሱ እናቐስቀስና፡ ዶፓሚን (ኣብ ግዜ ዕግበት ካብ ሓንጎልና ዝፍሰ ነገር) ኣብ ሓንጎል ከም ዝፍሰሕ ብምግባር፡ ናይ ሓሶት ዕግበት ምሃብ እዩ ዕላማና። ማለት ልክዕ ከምቲ ሓደ ሰርሳሪ ንሓንቲ ኮምፕዩተር ድኹም ክፋል መኽሊሉ ቫይረስ ፈሊጡ ዝጥቅዕ፣ ንሕና'ውን ኣብ ናይ ወዲ ሰብ ስነ ኣእምሮ ዘሎ ነገራት ብምምዝማዝ፡ ሰርሰርና እቲ ንደልዮ ሓሳባት ከም ዝሓስብ፡ ከም ክራር ምቕናዩ እዩ ናትና ስራሕ’ ይብል።

ቻናዝ ሓደ ካብቶም ኣብ ፈይስቡክ ዝሰርሑ ቀዳሞት መሃንድሳት ዕቤት ተጠቃምቲ ኮይኑ፣ ንብዙሓት ካብቶም ኣብዚ ሕጂ እዋን ፍሉጣት ዘለዉ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ብፍሉይ ድማ ንፈይስቡክ ብዘደንቕ ቅልጣፈ ናይ ዕቤት ኣገባባት ዝመስረተሉ ሰብ እዩ። ዕላማ ዓበይቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ትካላት ከም ብዓል ጉግልን ፈይስቡክን ኣብ ተጠቀምቲን ዝተፈላለዩ ንኣሽቱ ፊተኣታት ብዘየቋርጽ መንገዲ ብምፍታን ኣብ መወዳእታ ሓደ ተጠቃሚ እቲ ንሱን ዝደለዮ ነገር ንኽገብር ምትሓል እዩ።

ፈይስቡክ “ዓቢ ዝዓቕሙ ፈተነ ዝርግሐ” ዝበሎዎ ሓደ ፈተነ ኣካይዶም ነይሮም። ቀንዲ ዕላማኡ፡ ኣብ ምርጫ ፓርላማ ኣመሪካ ብኸመይ መንገዲ ትሕተ ቀልባዊ ማሕበራዊ መራኸቢ ፈይስቡክ ተጠቂምካ ብዙሓት ሰባት ኣብ ምርጫ ከም ዝሳተፉ ምግባር እዩ ነይሩ። ካብቲ ፈተነ ድማ ኮምፕዩተራዊ ዓለብ ተጠቂምና፡ ኣብ ህያው ዓለም ብዘይ ኣፍልጦን ንቕሓትን ናይ ሰባት ጠባያቶምን ስምዒቶምን ክንጸሉ ንኽእል ኢና ኢሎም ደምዲሞም። ሞተረታት ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ናብ ሰባት ብምቕናዕ ልክዕ ከምቲ ንሓንቲ ሳሬት ዋህዮታታ ብመርፍእ እናተናኸፍካ ኣየናይ ክፋላ እዩ ዝንቀሳቐስ ክትፈልጥ እትፍትን ዝዓይነቱ ኣሰራርሓ እዩ።

ዝኾነ ሰብ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ እዚ ጸገም'ዚ ከም ዘሎ ኣፍልጦ የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ንኽፈልጥ'ውን ኣይብህግን እዩ። ንኣብነት ብሽክሊታ ከም ምህዞ ኣብ ዓለም ምስ መጸት፡ “ብሽክሊታ ኣብ ሕብረተሰብ ጸገም ተምጽእ ኣላ፤ ብሽክሊታታት ብምፍቃድ ሕብረተሰብ ነሆ ኣለና፡ ልዕሊ ኩሉ ብሽክሊታታት ደሞክራሲ የዕንዋ ኣለዋ።” ዝበለ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ብሽክሊታ ጠቓሚት መሳለጥያ ብምዃና ጸገም ኣይነበራን። ማሕበራዊ መራኸቢ ግን ንሕብረተሰብ ዝጠቅም መሳርሒ ድዩ ኣይኮነን ክምለስ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ሓደ ንብረት መሳርሒ እንተኾይኑ፡ እቲ ተጠቃሚ ክደልዮ ናብ ጥቕሚ ክውዕል ኣይክእልን እዩ። ወይ ከኣ ተጠቃሚ ንኽጥቀመሉ ኣይሕብልን ወይ ኣይታለልን እዩ። ሓደ ነገር ንሕብረተሰብ ዝጠቅም መሳርሒ እንተዘይኮይኑ ግን፡ ካብኻ ኣቓልቦ ይሓትት፡ ንኽትጥቀመሉ ድማ ብዝተፈላለየ መንገዲ የተዓሻሽወካ። ንኣብነት ኣመንዝራት ንሕብረተ-ሰብ ዝጠቅም ኣይኮነን፡ ሕብረተሰብ ንኽዘውትሮ ግን ኣቓልቦ ከምዝስሕብ ይገብር። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ወልፊ ብዘትሕዝን ምትኻል ብዘሰረቱን ኣገባብ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ማሕበራዊ መራኸቢ እናተረዳእናዮ ኣብ ጥቕምና ዘውዕል መሳርሒ ዘይኮነ፣ ናቱ ዕላማታት ዘለዎ፣ ንስርዓተ ኣእምሮና ናብ ኣንጻር ረብሓና ዘቐንዐ ምህዞ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።

‘ኣብ ዓለም ንተጠቀምቲን ዓማዊል ኢሎን ዝሰይማ ክልተ ኢንዱስትሪታት እየን ዘለዋ። ማሕበራዊ ሚድያን ንግዲ ዕጹ ፋርስን። ንዝኾነ መንእሰይ ‘ንግሆ ካብ ዓራትካ ምስ ተንስእካ ቅድሚ ሽቓቕ ምኻድካ ሞባይልካ ትርኢ’ዶ፧ ዓይኒ ምድሪ እናተጠቐምካ'ኸ፧” እንተድኣ ኢልካዮ እቲ መልሲ ፍሉጥ እዩ። ወልፊ ማሕበራዊ ሚድያ ኣብ ኣዝዩ ኣሰካፊ ደረጃ እዩ በጺሑ ዘሎ። ማሕበራዊ መራኸቢ ናብ ኣወላፊ ዕጹ ፋርሲ እዩ ተቐይሩ። ኩልና ሰባት፡ ሓደ ማሕበራዊ ዝኾነ ስነ ህይወታዊ ድፍኢት ኣለና። ንሱ ድማ ምስ ካልኦት ሰባት ምርኻብን ምዝማድን እዩ። እዚ ማሕበራዊ ርክብ'ዚ፡ ኣብ ሓንጎልና ናይ ዕግበት ሆርሞን ዝኾነ ዶፓሚን እዩ ዘንዝዕ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ክስተት'ዚ ወጽኢት ናይ ሚልዮናት ዓመታት ማሕበራዊ ፍልቀት እዩ። እዚ ብፍልቀት ዝመጸ ባህርያት፡ ንሓድሕድና ክንደላለ፡ ብሓም ክንነብር፡ መጻምድቲ ክንረኽብ፡ ወለድና ከነዕብን ካብ ስቕያት ክንሓልወናን ሓጊዙና እዩ። ምህዞ ማሕበራዊ መራኸቢ ግን እዚ ስነ ህይወታዊ ድፍኢት መዝሚዙ፡ ኑቲ ቀጥታዊ ርክብ ናይ ሰባት ደምሲሱ ወይ ኣህሲሱ፡ ወልፊ ብምፍጣር፡ ዘይተኣደነ መኽሰብ ዝግሕጥ ዘሎ ቴክኖሎጂ እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሎ ቴክኖሎጂ ሚድያ፡ ሓንቲ ቪድዮ ምስ ረኣኻ ካልእ ቪድዮ ኣብ ምቕራብ ብሉጻት ክኾኑ እየም ተሰሪሖም ወይ ድማ መጸብበቒ ስእሊ (filter) ንኽትጥቀም ንክደፋፍኡኻ መታለሊቲ ኮይኖም እየም ተሰሪሖም። ደቅና ግዜኦምን ኣደህቦኦምን ኣብይ የሕልፍዎ ጥራይ ዘይኮነ፣ ናብ ወሽጢ ክፋል ሓንጎሎም መመለሱ ብዘየቋርጽ እናኣተወ ንደረጃ ኑብሰ ክብርን መንነትን ናይ ሓደ ቀልዓ ክሳብ ምልካዕ እዩ ተበጺሑ ዘሎ። ምኽንያቱ ቆልዑ ብዘርኣይዎ ነገራት ብቐሊሉ ተጸለውቲ ስለ ዝኾኑ፡ ከም ፍጡራት ብዛዕባ ኣካላቶም ወይ ዓዲ ዝርከቡ ሰባት፡ ብዛዕባና እንታይ ይሓስቡ ክንግደስ ፍልቀታዊ መስርሕና ይደርኸና እዩ። ግን 10,000 ወይ ልዕሊኡ ሰባት ብዛዕባና እንታይ ይሓስቡ ንምፍላጥ ክንግደስ ካብ ፍልቀታዊ ዓቕምና ንላዕሊ እዩ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ ማሕበራዊ ተቐባልነት ኣብ ነፍሲ ወከፍ 5 ደቒቕ ከም ቼክ ንክንቅለቦ ፍልቀታዊ መስርሕና ዝቕበሎ ኣይኮነን። ዝ ዓይነት ተመኩሮ ቅድሚ ሕጂ ኣይተቓለዕናን።

ከም ሰባት ብዘይተወሰነ ደረጃ ፍጹምነት ክንነብር ኢና ንደሊ። በዚ ድማ ኢና፡ ብዓባይ-ዓባይቶ ብዘጥወቐን ላይክን ዝኣመሰለ፡ ንውሑዳት እዋናት ዝጸንሑ ሰትሊያታትን ዕግበት ንረኽብ። ዝ ድማ ምስ ኑብሰ ክብርን ሓቐኣትን ንደባልቖ። ብንቕሓት ክንርእዮ እንተ ፈቲንና ግን ዝተሰነዐ ሓሶት፡ በራሪን ተኣቃፍን ናይ ሓጺር እዋንን ኮይኑ ንረኽቦ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ካብቲ ቅድሚ ንሱ ምርካብና ዝበረ ህሞት፡ መሊሱ ነፍሰ ክብርና ሓኺኹ ተኣቃፍቲ ገይሩ ንዋያ ዝበድሪፍና ምኽኑ እዩ። እቲ ዝሕዕብ ነገር ድማ ናብ ክትወጽእ ዘይትኽእል ዓዝቢል ብምእታው፡ ኑቲ ረኺብዮ ዝበርኩ ህቡብነት ንኽትረክብ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧ ካብቲ ዝሓለፈ ዝበርኩዎ ዝተፈልየ እንታይ ክገብር ይግባእ ብምባል ንዘይትረኽቦ ትመጣጠር። ምኽንያቱ ‘እዚ ህቡብነት'ዚ ኣዝዩ እዩ ዘድልየኒ’ ብምባል ኣብ ሓሳባትን ስምዒታትን ናይ ሰባት ተመርኩስካ ሂወትካ ክትመርሕ ዝደርኸ ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ስነ ኣእምሮ ማእሰርቲ እዩ። እዚ ነገር እዚ ብ2 ቢልዮን ሰባት እንተተገበሓቶ፡ እዞም ሰባት ክሳብ ክንደይ ኣብ ናይ ካልኦት ሰባት ርእይቶ ዝቓልዕ ሓደጋ ተሰጢሖም ከም ዘለዉ ዝርኢ እዩ።

ካብ ከባቢ 2011ን ክሳብ 2013፡ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ኩትትናን ቅድመ ኩትትናን ኣብ ዝርከቡ ቆልዑት ተጠቀምቲ ማሕበራዊ መዲያ ዓቢ ዝላ ናይ ኑበሰ ቅትለት ኣጋጢሙ። ክሳብ 2010ን 2011ን ብዙሓ ኣብ ግርዘውና ዝርከባ ኑበሰን ብኻራ ሓሪደን ወይ ኣብ ልዕሊ ኑበሰን ጉድኣት ኣውሪደን ናብ ሆስፒታል ዝኣተዋ ደቀንስትዮ ብመጠኑ ርጉእ እዩ ነይሩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን ዓቐመ ሄዋን ዝበጽሓ ኣብ ኑበሰን ጉድኣት ናይ ዝፍጽማ ደቀንስትዮ ብዙሓ ካብቲ ናይቲ ግዜ'ቲ 189% ዕቤት ኣርእዩ ኣሎ። ብዓርጋ 3 ዕጽፊ ዓብዩ ማለት'ዩ። ኣብ ኑበሰ ቅትለት እውን ብተመሳሳሊ፡ ካብ 15 ክሳብ 19 ዕድመ ኣብ ዝርከባ ጎራዙ 70% ዕቤት ከርኢ ከሎ፡ ኣብተን ቅድሚ ግርዘውና ዝርከባ ድማ ናይ 151% ዕቤት ኣርእዩ። ጠንቁ ድማ ብማሕበራዊ መራኸቢ ዝመጸ ኑበሰ ጽልኣት እዩ።

ወለዶ ዜድ (generation z) ካብ 1996 ኣትሒዞም ንዝተወልዱ ዝተዋህበ ቅጽል ስም እዩ። እዞም ወለዶ እዚኦም ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ ካብ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቲ ኣትሒዞም ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ክሳተፉ ዝጀመሩ እዮም። ግዜኦም ብኸመይ የሕልፍዎ እንተኢልና ካብ ትምህርቶም መጺኦም ኣብ ሞባይሎቶም እዮም ዝትከሉ። እዞም ወለዶ እዚኦም ኣዝዮም ጭኑቓት፣ ብቐሊሉ ተኣቀፍቲ፡ ልዕሊ ዓቕሚን ብቕዓት ዝነቕፉ ተባዕ ወሳ ካብ ምውሳድ ዝፍጠሙ እዮም። እዚ ህያው ዝኾነ ለውጢ ኣብ ሓደ ወለዶ ኮይኑ ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኑበሰ ጉድኣት ብምፍጻም ናብ ሆስፒታል ዝኣተወት ጓል፡ ዝበሃረረ ስድራቤት ከም ዘሎ ኣይዝንጋዕ።

እቲ ዘሎ ጸገም ከም ጹሓይ ብርሃን ግሉጽ እዩ። እዞም ኣገልግሎታት'ዚኦም ሰባት ይቐትሉን ሰባት ኑበሰ ቅትለት ንኽፍጽሙ ይደርኹን እዮም ዘለዉ። ዝኾነ ወላዲ፡ ደቁ ብዝንደሰቲ ማሕበራዊ መራኸቢ እናተታለሉ ክነብሩ፣ ንብዕሎም ምስ ሓቐኣት ዘይብሉ ደረጃታት ጸገቐ ከወዳድሩ፡ ኣደህቦኦም ተሰሪቑ ዕዮ ገዛ ይኸሉን ካልእ ንጥፈታት ካብ ምግባር ከበሸሩ ኣይደልን እዩ። ቀደም ንቆልዑ መከላኸሊ ነይሩ። ቆልዑ ካርቱን ክርእዩ ኣብ ዝደልዩሉ፡ ንቆልዑ ዝምጥእ መወዓውዒ ኣየናይ እዩ ኣጸብቦቕና ቕቡም ነይርና። ብኸመይ'ዚ መንገዲ ኑዮም መወዓዋዕቲ ንቆልዑ ዘይግባእ መወዓውዒ ኣይትገብሩን ኢኹም ይበሃል ነይሩ። ሎሚ ግን ዩቱብ ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ኑቲ ናይ ኣደህቦ ዝርርቕ ኢንዱስትሪ ናብ ቆልዑ ብምውሳድ ንኹሎም ቆልዑት ግዳያት ብምግባር፣ ክቡር ኩሎም ሕግታትን ክብርታትን ግዜኦም ንምፍኣዮም ኣብ ዝዕድም ምርኢት ከም ዝሕልፉ ገይሩዎም ይርከቡ።

ኣብ ዝኾነ እዋን ዘይምችኡኻት ወይ ጸምዋ ወይ ፍርሒ ኣብ ዝስምዓና፡ ኑቲ ብባህርያዊ መንገዲ ነዞም ስምዒታት ንኣልየሎም ዝበርና ተፈጥሮ ዝዓደለና ዓቕሚ፡ ዲጂታላዊ መራኸቢታት መተካእታ ኮይኑ ኣልሚሰዎ ይርከቡ። ስእሊ ኢዱ ዝኑብር መሳርሒ ፎቶሾፕ ዝምህዙ ብዙሓት መሃንድሳት ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኖም፡ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ተጠቂሞም፡ ዝተፈላለዩ ምልክታት ወይ ሕብርታት ተጠቂሞም፡ ኣየናይ እዩ ብዝበለጸ መንገዲ ከወልፈካ ወይ ከዐንዝዞካ ወይ ኩታልለካ ዝኽእል መወዓውዒ ይውስኑ። እዚ ንሰባት ንምውላፍ ወይ ንምኽርዳን ተባሂሉ ዝሰርሓሉ ኣገባባት ካብ ቀደም ማለት ቴለቪዥን ወይ'ውን ጋዜጣ ክቀላቐል ካብ ዝጀመረሉ እዋን ዝበረ እኳ እንተኾነ ካብዚ ናይ ሕጂ ዝተፈልየ እዩ ነይሩ።

እቲ ዝዓበየ ጸገም፡ እዚ ናይ ምትኻል ተግባራት ብቴክኖሎጂ ተደፊኡ ብዘደንቕ ፍጥነት ይሕንጸብ ምህላዉ እዩ። ብገምጋም ካብ መጀመርታ ሰሳታት ክሳብ ሕጂ እቲ ናይ ምምስራሕ ሓይሊ ብከባቢ ትሪሊዮን ግዜ ዓብዩ ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ዝኾነ ምዕባለ ወይ ምህዞ ክሳብ'ዚ ደረጃ'ዚ ዕቤት ዘመዝገበ የለን። ኣዝዩ ኣጉዳሲ ድማ፣ ናትና ኣካላትን ሓንጎልን ዝኾነ ዝጥቀስ ፍልቀታዊ ምቅይያራት ኣየርኣዩን። ከምኡ'ውን ደቂ ሰብ ብኣእምሮን ኣካልን ርኡይ ዝኾነ ለውጢ ኣየርኣዩን። ብወድዓውነት ክንዛረብ እንተኾንና፡ ሚልዮናት ዓመታት ኣብ ዝዕድመኡ ሓንጎል እናነበርና፡ መሃንድሳት ብሉጽ ኮምፕዩተር ኣዋዲዶም እሞ ኸኣ ሰዋንጠር ዕላማ ዘለዎም ክስዕሩና ደዮም ክንስዕሮም፧ መን እዩ ኑቲ ቅልስ ክዕወተሉ፧ ክንርኢ ዕድመ ይሃበና!

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥዑብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# መዘናግዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ናብ ውሽጥኻ ምጥማት

ኣብ ውልቀ ኣተሓሳስባና እወታዊ ወፍሪ ብምግባር ኑቶም ኣይክእልን እየ ዝብል ኣብ ኣተሓሳስባና ዝሰረጹ ጌጋ መረዳእታታት ክንምሕዎም ይግባእ። ኣእምሮና ናይ ምግባር ዓቕሙ ክንፈልጦ ስለ ዝፈቐደናለ፣ ንተበግሶ ዝሕግዘና ውሽጣዊ ትብዓት ንስእን። ናይ ባህሪ ለውጢ ንምምጻእ ብመጀመርታ ለውጢ ናይ ኣተሓሳስባ ክንምጽእ ኣለና። ኣብ ጉዕዞ ህይወት ግቡእ ጻዕርን ቅኑዕ ኣተኣላልያን እንተደኣ ገይርና፣ ኣብ ህይወት ካብ ዝገጥመና ነገራት ብዘይካ፣ "ኣይከኣልን ወይ ኣይክእልን" ዝብል ቃላት ዘይከኣል ነገር የለን።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ክንዲ ናብ ውሽጥኻ ናብ ጉዳም ስለ እትጥምት'ዩ፣ ናብ ውሽጥኻ ቁሊሕ እንተ ትብል ክሳብ ክንደይ ናይ ክኢላታት ክኢላ ምኳንካ ክትግንዘብ




ምኸኣልካ። እንተ ኾነ ናብ ውሽጥኻ ቁሊሕ ምባል ትፈርሕ። ግዜ ሂብካ ምስ ኣብሺኻ ቅኑዕ ምይይጥ ስለ ዘይትገብር ውሽጥኻ ኣይትርእዮን። ኩለንትናኻ ናብ ግዳም የተኩር። ስለዚ ከኣ ኣብ ክንዲ ናይ ባዕልኻ ናይ ካልኦት ኮይንካ ትነብር። ናትካ ጉዲፍካ ንኻልኦት ክትወቕሱ ክትመዝንን ክትፈርድን ትውዕል። እቲ ሓቀኛ ንስኻ ኣብ ውሽጥኻ'ዩ ዘሎ። ስለዚ ካልኦት 'ኣይትኽእልን ኢኻ' እንተ በሉኻ 'ኣነ እኽእል'የ ስለዚ ድማ ክገብሮ'የ' በሎም።

ምኽንያቱ ንኻልኦት ፍጡራት ዘይብሎም ንዓኻ ግን ዝተዋህበካ ኣእምሮ ዝበሃል መሳርሒ ኣሎካ። እዚ መሳርሒ እዚ ስለ ዘሎካ እንታይ ክትገብር ከመይ ትነብር፣ ጽሕፍቶኻ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። እቶም ካልኦት ፍጡራት በቲ ባህሪ ዝሰርዓሎም ክነብሩ ከለዉ ንስኻ ግን ንባህሪ'ውን እንተ ኾነ ባህሪኡ ቀይርካ ናብ ጥቕምኻ ክተውዕሎ ትኽእል ኢኻ። ኣእምሮኻ ኣብ ውሽጢ ሽክናኻ እተዓሸገ ንእሽቶ ነገር ዘይኮነ ክፉትን ገፊሕን እዩ። ብልክዕትን ብምልኣትን ዝመላእኻዮን ዝኣዘዝካዮን ክገብረልካ ይኽእል'ዩ። እቲ ዝጸበየ ሓጺርን ዝውሓ መንደቕን ኣብ ኣእምሮኻ'ዩ ዘሎ። እንተነድቕካዮም ይዓብዩን ይነውሑን እንተ ኣፍረስካዮም ድማ ይንእሱን ይሓጽሩን። ዘይከኣል የለን ዝብል ኣተሓሳስባ ክሳብ ተማዕብል ጸዓር። እቲ ምንታይ፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ውሽጡ ክፈጥሮ ዝኽእል ናይ ጅግንነት ኣተሓሳስባ ኣሎዎ። ነዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እንተ ኣሰሪጽካ ድማ ኩሉ ክትገብሮ ከም እትኽእል'ዩ ዘእምነካ።

## እቲ እሙን ጃፓናዊ ከልቢ

ሃቺኮ ኣብ1935 ኣብ ጃፓን - ቶክዮ ዝነበረ ዝበረ ከልቢ እዩ።

ኩሉ ግዜ ንግሆ ንግሆ ንዋናኡ ፕሮፌሰር ሂደሳቡሮ ኡኖ ናብ ስራሕ ኣብ ዝኸደሉ ብእግሩ ናብ ፈርማታ ባቡር ኣፋንዩዎ እዩ ዝምለስ። ዋናኡ ምስ ተሳፈረ ከኣ በይኑ ንገዛኡ ይምለስ። ፕሮፌሰር ሂደሳቡሮ ኡኖ ካብ ስራሕ ተመሊሱ ካብ ባቡር ኣብ ዝወርደሉ ሃቺኮ ኣብ ፈርማታ እዩ ዝጸበዮ። ጭራኡ ብሓጎስ እናጠዋወየ ምስ ተቐበሎ ተተሓሒዞም ናብ ገዛ ይኣትዉ። ሓደ መዓልቲ ግን እቲ ፕሮፌሰር፡ ንግሆ ከምቲ ልሙድ ሃቺኮ ኣብ ባቡር ምስ ኣብጽሖ ካብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ሕርሻዊ ምህንድስና ኣይተመልሰን። ኣብ ስራሕ እንከሎ ሃንደበት ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ሃቺኮ - እቲ እሙን ከልቢ ግን እንታይ ከም ዝተፈጠረ ኣይፈለጠን። ዋናኡ ኣብ 1925 ከም ዝሞተ መን ይንገሮ! እቲ ፈቃር ከልቢ ክሳብ 1935 ማለት፡ ንትሸዓተ ዓመትን ትሸዓተ ወርሒን ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲን ብዘይ ምቁራጽ፡ ዝናብን በረድን ጸሓይን እናተበራረየሉ፡ ንዋናኡ ክረኽቦ ተስፋ ብምግባር፡ መዓልታዊ ብዘይ ምቁራጽ



ናብቲ ናይ ባቡር ፈርማታ ተመላለሰ። ሰባት ተኣማንነት ሃቺኮ ብምርኣይ ይሰናበዱ ነበሩ። ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመታት ግን ሃቺኮ ብእርጋን ተሰኒፉ። ኣብታ መዓልታዊ ንዋናኡ ዝጸበየላ ዝነበረ ፈርማታ ኮፍ ኢሉ እናተጸበየ ከሎ ንሱ'ውን ሞተ። ስም'ቲ ከልቢ - ሃቺኮ ማለት ኣብ ጃፓን ምልክት ፍቕሪ እምነት፡ ንዘኣመንካዮ መስዋእቲ ምኽፋል እዩ። ሃቺኮ ንስለ'ቲ ጽኑዕ ፍቕሩን እምነቱን ኣብ ጎደና ቶክዮ ሓወልቲ ተሰሪሑሉ፡ ወትሩ እናተዘከረ ይነብር ኣሎ። ከልቢ ፈቃር እንስሳ እዩ። ብኣእምሮ በሊሕቲ ተባሂሉም ካብ ዝጥቀሱ እንስሳታት እውን ሓደ'ዩ። ከልቢ ክሳብ 300 ቃላት ክጸንዕ ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ። ንዘመናት እሙን ዓርኪ ወዲ ሰብ ኮይኑ ዝጸንሐ እንስሳ ዘቤት እዩ። ከልቢ ማዕረ ክንደይ እሙን ምኳኑ ዝተረደአ ማርክ ትዌን "ብዙሕ ጥልመት ሰባት ዚያዳ ብዝፈለጥኩ መጠን ንኸልባይ ዚያዳ እየ ዝፈትዎ"፡ ብምባል እዩ ዝገልጾ።

## ፍልልይ ሕልሞም ንምዕዋት ዝጽዕሩን ዘይጽዕሩን

ሕልሚ ኸብራቕ ደስታና፡ ሰቓይና፡ ተስፋና'ዩ። ገለ ሰባት ብመንገዲ ሕልማዊ ዓለም ዕምቆት ውሽጥና ክንፍትሽ ንኽእል ኢና ኢሎም ይምጉቱ። ዓይነታት ሕልሚ ዝተፈላለዩ እዮም። ዝኾነ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሕልምን ዕላማን ኣሎዎ። እቶም ሕልምታቶም ንምዕዋት ዝጽዕሩ ካብቶም ሕልሞም ንምስኻር ዘይጽዕሩ ዝውሓዱ እዮም። ኣብ መንጎ እቶም ድልዩቶም ንምምላእ ዝጽዕሩ ሰባት'ኳ ወትሩ ኣብ ሕልሚ ዝነብሩ ሰባትን ብዙሕ ፍልልይ'ዩ ዘሎ። ገለ ገለ ሰባት ኑቲ ዝሓልምዎ ንምፍጻም፡ ከዐውቶም ዝኽእል ሓሳባት ከበግሱን ብዙሕ ክጽዕሩሉን ይርእዩ እዮም። ብኣንጻሩ ገለ ገለኦም ኑቲ ክኸውንዎ ዝደልዩ ከይተበገሱሉ ክሓልምዎ ጥራይ እዮም ዝነብሩ። ስለዚ'ዩ ከኣ ተበግሶ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትና ወሳኒ ዝኾነ። ሰብ ንኽሰጉም፡ ንኽምዕበል፡ ንኽልወጥን ክልውጥን እቲ ቀዳማይ ዘድልዮ ስጉምቲ ተበግሶ ምውሳድ እዩ።



ብሰንኪ ዘይምብጋሶም ድማ ድልዩቶም ወትሩ ሕልሚ ኮይኑ ይተርፍ። ብዘይካ'ዚ ሕልምታትካ ከቢድ'ዩ ኢልካ ትሓስቦ እንተ ኼንካ ካብ ፍርሒ ዝተበገሰ ዝኾነ ስጉምቲ ክይወሰድካሎም ኢኻ እትነብር። ተበግሶ ዘይምውሳድ፡ ኣብ ሓደ ደረጃን ቦታን ይሓጽረካ ጥራይ ዘይኮነስ ትሕቲ እቲ ኣብ ሓደ እዋን ዝበርካዮ ኩነት ዘውርደ'ውን እዩ። ስለዚ፡ ተበግሶ ዘይምውሳድ ዘይርኣኻዮ ወይ ዘይተመኮርካሉ ብሉጽ ዕድል ከም ምጥፋእ እዩ ዝርአ።

ስለዚ፡ ኑቲ ክትዝክሮ እትደሊ ዕላማ ንምውቃዕ መጀመርያ ካብ ገዛእ ርእሰኻ ክትብገስ ይግባእ። ኣብ ጉዕዞ ህይወትና ድልየትና ከምጋልእ ተበጊስና ምስ እንበገስ፡ ኩሉ ግዜ እታ ቀዳመይቲ መድረኽ እታ ዝኸበደትን ዝሓየለትን መድረኽ እያ። እዛ መድረኽ ከቢድ ምኳና ተገንዚብና ተስፋ ከይቆረጽና ክንቅጽል ኣለና።

ገለ ገለ ሕልምታት ኣዝዮም ዓበይቲ ብምኳኖም፡ ኣዝዩ ብዙሕ መስዋእቲ እዮም ዝሓቱ። ዓበይቲ ነገራት ግዜን ጉልበትን ይሓቱ። ሕልምታትካ ክትዕውተሎም ምስ እትደሊ፡ ዝኾነ ዓይነት ፈተነ ክትወስደሎም ኣሎካ። ምኽንያቱ ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ወይ ፈተነ ዘይምውሳድ፡ ሕልምታትካ ወትሩ ኣብ ሓሳብካ ሰሪጾም እዮም ዝተርፉ። ዘምጽኣናዮም ሓሳባት፡ ኩሎም ኣብ ከባቢና ዝርከቡ ሰባት ክቕበሉና ክንጸበ የብልናን። ልዕሊ ኩሉ ንውሽጥኻ ምስማዕ እዩ እቲ ኣገዳሲ።

### ጥቕስታት ሰቕታ

- "ሰቕታ ዓበይቲ ነገራት ብሓባር ዝፈጥሩሉ ባእታ እዩ።" - ቶማስ ካርላይል
- "ኣብ ልዕሊ ናይ ሓሶት ክስስቲ እቲ ዝበለጸ ግብረ መልሲ ሰቕታ እዩ።" - ጆን ሚልተን
- "ሰቕታ ምንጪ ዓቢ ሓይሊ እዩ።" - ላኦ ትዙ
- "ሰቕታ ፈጺሙ ዘይጠልም ዓርኪ እዩ።" - ኮንፈሽየስ
- "ሰቕታ ኣደ ናይ ሓቂ እዩ።" - ቢንያም ዲስራኤሊ
- "ሰቕታ ንኹሉ ሕቶታት ዝበለጸ መልሲ እዩ፡ ፍሽኽታ ድማ ንኹሉ ኩነታት ዝበለጸ ግብረ መልሲ እዩ።" - ዘይተፈልጠ
- "ሰቕታ ካብ ቃላት ንላዕሊ ብዓውታ'ዩ ዝዛረብ።" - ቶማስ ካርላይል
- "ክልተ እዝንን ሓንቲ ኣፍን'ዩ ዘሎና፡ ካብ ክንዛረቦ ንላዕሊ ብዕጽፊ ክንሰምዕ'ዩ ዝግባእ።" - ዜኖ
- "ጽቡቕ መልሲ ክትሓስብ ኣብ ዘይክኣልካሉ እዋን ሰቕታ ወርቃዊ'ዩ።" - መሓመድ ዓሊ
- "እቲ ሰቕታኻ ዘይርድኦ ዘረባኻ'ውን ኣይክርድኣን እዩ።" - ኣልበርት ሃባርድ

### ንትኹል

1. መዐቐኒ፡ መዐየሪ
2. ወርቂ፡ ብሩር
3. ጸወታ፡ ዝላ
4. ኮንካ
5. ትዕቢት፡ ብድዐ
6. ይፍረ፡ ይሰነን
9. ጠርጊፉ፡ ኣከበ (ንኽዳን)
10. ፋል፡ ጥያር
12. ዳእሉ፡ ጭርቃን
14. ኣብ ክንዲ፡ ስለ
15. ክቡር ዘይኮነ
17. ንቑልዓ ኣብ ሕቆ መሰከሚ
19. ሕንከት፡ ድህለት
21. ትርካሲ፡ ጥላቕ
22. ውላድ በጊዕ
23. ማይ ዘዕቁር (ዘዋህልል)
24. መጋበኢያ፡ ኣኼባ
27. ረፈጥ
29. ጥልመት
31. ሕሙም፡ ዝተኻእለ
32. ንቤተ ክርስትያን ዝወሃብ ገጸበረከት
33. ወረ
34. ካብ ሕማማት
35. ድኻም፡ ተካል ምውዓል
38. ኣብ ርእሲ ዝልኸ ቅብኣ
39. ንእሽቶ ኀጎ
41. ቀልጥፍ
43. ዝሓለፈ ዓመት
45. ተዓዘበ፡ ጠምት

### ንገደም

1. ቤት ጽሕፈት ሓደ ክፍሊ መንግስቲ
3. ልቦና ምጉዳል
7. ገዛ፡ ዓሌት፡ ቤት
8. ንረዳኢ
11. ምሕባእ፡ ምስታር
13. ስላዕ
14. ጸጉሪ ርእሱ ምሉእ ዘይኮነ
16. መቑንን፡ ዕጣቕ
17. ባህላዊ ግጥሚ
18. ዋሕስ፡ መተኣማመኒ፡ ዕርቡን
20. ኣብ ቀርበት ለማእ ለማእ ዝብል
22. መካላኸሊ፡ ድፋዕ
25. ሓደ ዓይነት፡ ፍልልይ ዘይብሉ
26. መኸልኢ ጡብ ዝኾነ ተኽሊ
28. ትኽኽል፡ ማዕረ ቅምጥ ኢሉ
30. ዓይነት ጸበሒ ዓደስ
33. ክትነጽሖ ዝወሰንካ መደብ
34. ካብ ሃገርካ ወጻኢ ምንባር
36. ንኡብሪ እትመሳሰል እንስሳ
37. ናይ ታሕሳስ ድምጺ
40. ኣትሪፉ ሓዘ ኣጽኒዑ ሓዘ
42. ናብዩ ምጽኡ ቀረበ
44. ቤት መስተ
46. ንጣውላ ሓጺን መላገቢ ዝኾነ
47. ተወንጫፊ፡ ተወርዋሪ

### ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል - ናይ ጽርግያ ውድድር ጉያ ተኻይዱ

ዓመታዊ ዝስላሰል ናይ ጽርግያ ውድድር ጉያ ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ሰንበት 14 ታሕሳስ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ብኽልተኡ ጾታ ተኻይዱ።

ኣብዚ ካብ ባሕቲ ማስከረም ተበጊሱ፡ ጎደናታት ኣስመራ ሓሊፉ ኣብ ባሕቲ ማስከረም ዝዛዘም ውድድር፡ ደቂ-ተባዕትዮ ኣትሌታት ናይ 25 ኪሎሜተር ውድድር ኣካይዶም። ካብ ክለባት - ፍረ ጻዕሪን ሰገን፡ ካብ ንኡሳን ዞባታት - ገዛ ባንዳን ጎዳይፍን ብውሱናት ኣትሌታት ክኣ ዕዳጋን ሓመሰን ማእከል ከተማ፡ ከምኡ'ውን ናይ ውልቂ ኣትሌታት ተሳቲፎም።

ኣብ ብሉጽ ቁመና ዝርከብ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዳዊት ሰዓረ ካብ ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ ከኣ ኣብ ናይ መወዳእታ ሜተሮታት ንኣትሌት ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ - ሳይሞን መበራሂቱ በሊጹ - ብ1 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 13 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ኣብዚ ናይ ውሽጢ ሃገር ውድድራት ካብቶም ቀስ ብቐስ ቁመናኦም ዘዕብዩ ዘለዉ ኣትሌታት ዝኾነ ሳይሞን፡ ሰለስተ ካልኢታት ጥራይ ድሒሩ እዩ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ኮይኑ። ንገዛ ባንዳ ዝወከለ ምኩር ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ዑቕበ ክብሮም፡ 12 ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ደቂ ጋንታኡ ሴም ይብኣሎን የናታን ክፍለን ራብዓይን ሓሙሻይን፡ ኣትሌት ፍረ ጻዕሪ ናህም ተስፉይ ሻዱሻይ ኣትዩ።

እቲ ወርትግ ዋሕዲ ኣትሌታት ዝረኣየን ልዑል ቀላሕታን ስራሕን ከም ዝድልዮ ኣፍ ከፊቱ ዝዛረበን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር፡ 10 ኪሎሜተር እዩ ሸፊኑ፣ ትሸዓተ ኣትሌታት ድማ ተወዳዲረን።

ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ትራክ ውድድር ኣብ ሰለስተን ሓሙሽተን ሽሕ ቀዳመይቲ ዝወጸት ኣትሌት ፍረ ጻዕሪ ሚኒስትሪ ሕርሻ - ዲያና ሸሻይ ከኣ ትማሊ'ውን ደጊማ ጽብልል ኢላ። እዛ ትስፍውቲ ኣትሌት፡ ነቲ ርሕቀት ብ28 ደቒቕን 29 ካልኢትን እያ ዛዚማቶ። ኣብቲ ሰሙን ንናይ 10 ሽሕ ውድድር ትራክ ዝተዓወተትሉ ፊያሪ ጉብረሂወት ካብ ገዛ ባንዳ 15 ካልኢት ድሒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ። ኣባል ጋንታ ኢንሹራንስ - ሚካል ጉብረሚካኤል ድማ፡ ብ29 ደቒቕን 16 ካልኢትን ውድድር ዛዚማ ሳልሰይቲ ኣትያ።

ኣርያም ሓዲሽን ፍርቱና ማእከለን ካብ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ሳምራ ዓንደም ካብ ፍረ ጻዕሪ፡ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ዝዘሎ ደረጃ ተማቒለናኦ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብምትሕብባር ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልናን ከምኡ'ውን ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ዝተወደበ፡ ናይ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ከምኡ'ውን ዓይኒ ስውራን ናይ ሓጺር ሜትሮ ውድድር ጉያ ተኻይዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ዓይኒ ስውራን ደቂ ኣንስትዮ፡ ብሩር ኣረጋይ፡ ሰላማዊት ሃይለስላሴን የርሳሌም ሃይለን፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ሃብተማርያም ሰመረኣብ፡ ኣይመን መሓመድን ዓብደላ ሕመድን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም።

ኣብ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልናን ድማ፡ ሓየት ኣሕመዲ - ማእከል ከተማ፡ ሳሮን ተኽለ - ዕዳጋ ሓሙስ፡ ብስራት ተስፋዝጊ - ኣቦሻውል፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣቤል ሓድጉን ስምኦን ተስፋኣለምን - ገጀረት፡ ሓምዛ ዓብደልሓይ ካብ ኣኽሪያ ተመሳሳሊ ደረጃ ሒዞም።

ከም ናይዞም ዕውታት ገንዘባዊ ሽልማት ከኣ ንኩሎም ተሳተፍቲ መተባብዒ ማልያ ተዋሂቡዎም።

ብተወሳኺ ኣብቲ ዕለት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ካብ 100 ክሳብ 10 ሽሕ ሜተር ዘጠቓለለ ናይ ትራክ ከምኡ'ውን ተግባራት ሜዳ ዝተዓወቱ ኣትሌታት ሽልማት ተቐቢሎም። ፍረ ጻዕሪ - ክልተኡ ጾታ ጉበለል ክትከውን እንከሎ፡ ብሓፈሻውን ናይቲ ውድድር ንኢንሹራንስን ጸጸራትን ኣኸቲላ ጉበለል ተጸዊጓ - እዛ ናይ ሚኒስትሪ ሕርሻ ክለብ።





## ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

### ኢንሹራንስን ቀይሕ ባሕሪን ዕዉታት ሱፐር ካፕ ኮይነን

ዝይተወሰ ግዜ ተሰጊሩ ዝጸንሐ ናይ ሓድሽ ዓመተውድድር ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 14 ታሕሳስ፡ ደንደን ኣንጻር ኢንሹራንስ ብናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ብዝካየዳኦ ናይ ሱፐር ካፕ ጸወታ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ፈሊሙ።

እዚ ቅድሚ ስሩዕ ውድድር ዓመተ-ስፖርት 2025-26 ዝተሰርዐ 'ሱፐር ካፕ' ዝተሰመየን ናይ ዋንጫ ጸወታ፡ ንፈለማ ግዜኡ እዩ ተኻይዱ። ኣብ ክልተኡ ጾታ ዓሚ ኣብ ሻምፕዮን ቀዳመይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ዝዛዘማ ጋንታታት ዘራኸበ ከኣ ነይሩ።

ዝጠዘለ እዋን ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዘራኸበን ቀንዲ መወዳደርቲ ዝኾና ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ደንደንን ኢንሹራንስን ዘካየዳኦ ግጥም፡ ናይዚ ዓመት ውድድር መኽፈቲት ግጥም ነይሩ።

ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ዝኾነት ደንደን፡ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝያዳ ረቢሓ፡ ኣብ መበል 22 ደቒቕ ካብ ሄርሞን እያብ መረሕኦት ድሕሪ ምሓዙ ብዘኸታታሊ ካብ ፍቓዱ ጉዳሙን ክብረት ሓይለኣብን ሸቶታት ወሲኻ 3-ብ0 መሪሓ፣ በዚ ገፊሐ ወጽኢት'ዚ ከኣ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን።

ደንደን ነዚ መረሕኦት ክትዕቅቦ ወይ ክትውሰኽሉ ትጸቢት እናተገበረላ ግን፡ ድሒራ ዝተበራበረት ኢንሹራንስ፡ ኣብ መበል 70 ደቒቕ ካብ ኢኪላስ ዓብደልናስር ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሸቶ ኣመዝጊባ። ኢንሹራንስ ድሕሪ ሸሞንተ ደቓይቕ ብመገዲ ራሁዋ መንግስተኣብ ካልኣይቲ ሸቶ ብምቑጻር ድማ ንደንደን ኣብ ጸቕጢ ሸመመታ። ሓሊማ ዓብደላ ራብዐይቲ ሸቶ ብምቑጻራ ግን፡ ደንደን 4-ብ2 ተዓዊታ። ናይዛ ዓመተስፖርት ቀዳመይቲ ዋንጫ ብምልዓል ከኣ ብጸቡቕ ኣቲሓ ኣላ።

ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲ፡ ኣባል ደንደን ሄለን ሚካኤል ተሰምያ።

ግጥም ናይተን ወትሩ ኣብ ዘራኽበሉ ዓቢ ምትህልላኽ ዘርኢያ ዓበይቲ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ሰዓብ ተኻዩዱ። ደንደን ብተመሳሳሊ ከም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ምንባራ ይዝከር።

ቀዳማይ እብረ፡ ብዘሐጉልን ዘይመሳጥን ምንቅስቓስ ፈሊሙ። ንቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ክብሮም ሰሎሙንን ኣክሩፋሊኦ ናህም ታደሰን ብዘተፈላለየ ምኽንያት ዘይተጠቐመትሎም ደንደን ኣጥቃዓያ ሮሚል ዓብዱ ካብ ተኸላኺሊ. ቀይሕ ባሕሪ መንጢሉ ኣብ መበል 11 ደቒቕ መረሕኦት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊቡ። ሮሚል፡ ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ብሓለቓ ጋንታ ቀይሕ ባሕሪ ዓብሰሎም ተኸልከዚ. ተሃሪሙ፡ ተቐይሩ ክወጽእ ተቐሲቡ። ደንደን ናብ ዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ቀዲማ ዘጋጠመት ዓብይ ፍጻመ፡ ቀይሕ ባሕሪ ዝረኸበታን ከተመዝገርያ እትኽእል ዝበረትን ፍጹም ቅላዕ እያ። ሓላፍነት ዝወሰደላ ቤንሃር ኣማኑኤል ግን፡ ልዕሊ ልዳት ሰዲዱ ዓቢ ዕድል ኣባኺኑ። ኣብ መበል 62 ደቒቕ፡ ተኸላኻሊ. ቀይሕ ባሕሪ ዓወት ወልደየሱስ (ጎምባሎ)፡ ብጺጋማይ ክንፊ ናብ ልዳት ንዝተላእከት ናጻ ቅላዕ ብርእሱ ጕጭዩ ንጋንታኡ ብምምዕራራይ ንቤንሃር ካብ ወቐሳ ኣድሒንዎ።

ድሕሪ'ዛ ሸቶ ኣዝያ ዝተመሓየሸት ቀይሕ ባሕሪ፡ ጸቡቕ ምቅብባልን ምንቅቓን ተጻውታ ዝተራእየለን ሸቶታት፡ ኣብ መበል 77ን 88ን ደቓይቕ መድሃኔ ረዳእን ቤንሃር እስቲፋኖስን ብዘመዝገብወን ሸቶታት ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ናይ 3-ብ1 ዓወት ሰኒዓ - ቀዳመይቲ ዕዉትቲ 'ሱፐር ካፕ' ድማ ኮይና። ፋልመይቲ ዋንጫ እዚ ወቕቲ ካብ ኣፍ ደንደን መንጢላ'ውን ፍናና ኣበሪኻ ንሓዲሽ ወቕቲ ንቒላ ኣላ።

ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም፡ ቤንሃር ኣማኑኤል ካብ ቀይሕ ባሕሪ ተሰምዩ።

በዘን ጸወታታት ዝተኸፍተ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሓሙስ 18 ታሕሳስ፡ ስሩዕ ናይ ሊግ ጸወታኡ ክፍልም እዩ። ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ኣዱሊስ ምስ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ኣልታሕረር ምስ ማይ ተመናይ ካብ 1:30 ድ.ቀ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብዝካየዳኦ ግጥም ድማ ክፍልም እዩ።





### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ካራባኦ ካፕ ርብዒ ፍጻመ**

ካርዲፍ - ቸልሲ 11:00 ድ.ቀ

ኮፓ ደል ረይ ዙር 32

ጉዳላኻራ - ባርሴሎና 11:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

**ካራባኦ ካፕ**

ማን ሲቲ - ብረንትፎርድ 10:30 ድ.ቀ

ኒውካስል - ፉልሃም 11:15 ድ.ቀ

**ኮፓ ደል ረይ**

ታላቨራ - ሪያል ማድሪድ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ሩስያ፡ 130 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ኣዕንያ

ሚኒስትሪ ምክልኻል ፌደረሽን ሩስያ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣሃዱታት ምክልኻል ኣየር ሃገሩ ኣብ ሓደ ለይቲ ናብታ ሃገር ዘቕንዓ ዝነበራ 130 ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን ወቒዑ ከም ዘውደቐን፡ 15 ካብኣተን ድማ ናብ ከተማ ሞስኮ የቕንዓ ከም ዝነበራን ኣፍሊጡ።

ከንቲባ ከተማ ሞስኮ ሰርጌይ ሶብያኒን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ትማሊ ንግሆ ናብ ሞስኮ ዘቕንዓ ዝነበራ ካልኦት ተወሰኽቲ ኣርባዕተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን'ውን ተሃሪመን ከም ዝወደቓ ገሊጹ።



ሓይልታት ዩክሬን ብብእዋኑ ናብ ርእሰ ከተማ ሩስያ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝሰዱ፡ እዚ ከኣ ንንጥፈታት መዓርፎ ነፈርቲ ሞስኮ ብተደጋጋሚ ከም ዘተዓናቕፎን እዮም ሰብ መዚ ሩስያ ዘረድኡ።

ትካል ቁጽጽር ሓይሊ ኣየር ሩስያ፡ ብሰንኪ ድሮናት ዩክሬን ክልተ መዓርፎ ነፈርቲ ሞስኮን ካልኦት ኣብ ደቡብ ናይ'ታ ሃገር ዝርከቡ ብርክት ዝበሉ መዓርፎታት ነፈርትን ንጥፈታቶም ከቋርጹ ከም እተገደዱ ሓቢሩ።

ዩሪ ስሊዩሳር - ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡባዊ ክፋል ሮስቶቭ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ዩክሬን፡ መስመር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ናይ'ቲ ዞባ ከም ዝተዛነየ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ዩክሬን ብዘፈጸመቶ ተኸታታሊ መጥቃዕቲ፡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን መንበሪ ኣባይቲ ብዘይ ኣገልግሎት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ከም ዝተረፈ፡ ሰብ መዚ ዩክሬን ሓቢሮም።

## ቀ/ሚኒስተር እስራኤል ንኣውስትራልያ ይወቅስ

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ኣንጻር ኣይሁድ ብዝተኻየደ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ንመንግስቲ ኣውስትራልያ ወቒሱ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ ኣብ ወድን ኣብ ከተማ ሰድኒ ኣብ ልዕሊ 'ሃኑካ' ዝበሃል በዓል ንምጽምባል ተኣኪቦም ዝነበሩ ሰባት ብዝፈነፈትዎ መጥቃዕቲ 15 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ካልኦት ብዙሓት ድማ ከም ዝቖሰሉን፡ መርበብ ሓበሬታ 'ረሻ ቱደይ' ጸብጺቡ።

ፖሊስ ከተማ ሰድኒ ንሓደ ካብ'ቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ጥርጡራት ብቐጥታ ተኲሱ ከም ዝቐተሎ ክገልጽ እንከሎ፡ ሓደ ውልቀ ሰብ ድማ ነቲ ካልኣይ ጥርጡር ብረቱ ንምምንጣል ብዘወሰዶ ተባዕ ስጉምቲ ተመጕሲ።

ናታንያሁ፡ እቲ መጥቃዕቲ ወጽኢት ናይቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣንቶኒ ኣልባኒዝ ክኽተሎ ዝጸንሐ ዘይቅርዑይ



ፖለሲታት ምኽንያት ብምግላጽ፡ "ፖሊሲ ኣልባኒዝ ኣብ ኣውስትራልያ ጸረ ሴማውያት ንኽስፋሕፍሕ ዘተባብዕ እዩ" ብምባል ንኣካይዳ ናይ'ቲ መራሒ መንግስቲ ወቒሱ።

ነታንያሁ ወሲኹ፡ መንግስቲ ኣውስትራልያ፡ ንመንግስቲ ፍልስጤም ዝድግፍ ዝኾነ ምንቅስቓስ ከየካይድ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣጠንቂቕዎ ከም ዝነበረ'ውን ኣረዲኡ።

ኣውስትራልያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ማእከረም ኣብ ዝተኻየደ ሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት ንፍልስጤም ብወግዒ ኣፍልጦ ከም ዝሃበታን፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሓማስ እተካይዶ ዝነበረት ወተሃደራዊ ወፍሪ ደው ንኽተብሎ ጸቒጢ ክትገብር ከም ዝጸንሐትን እዩ ዝግለጽ።

ፖሊስ ከተማ ሰድኒ፡ እቲ ዝተቐትለ ጥርጡር ብሕጋዊ መንገዲ ዝረኸቦ ሽዱሽተ ብረት ከም ዝነበሮ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ከም ዝተጠቐመሉን ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣልባኒዝ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ውልቀ ሰባት ኣባላት ጕጅለ ሽበራ ከም ዘይኮኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንዋንነት ብረት ዝምልከት ሕጊ ክትርር ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

## ቓዛ - ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓማስ ተቐቲሉ

እስራኤል ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ቓዛ ብዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ንሓደ ላዕለዋይ ኣዛዚ ሓማስ ከም ዝቐተለቶ ኣፍሊጣ።

እቲ ራእድ ሳዓድ ዝተባህለ ሓደ ካብ'ቶም ፍሉጣት ኣዘዝቲ ሓማስ፡ ኣብቲ ሓማስ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝፈጸሞ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ላዕለዋይ ኢድ ከም ዝነበሮ እዮም ሰብ መዚ እስራኤል ዝገልጹ።

ሓደ ካብ ኣፈኛታት ሓማስ ንመርበብ ሓበሬታ በበሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ መኪና ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ኣርባዕተ ሰባት ከም ዝተቐትሉን ካልኦት ሓያሎ ተሳፈርቲ ድማ ከም ዝቖሰሉን ሓቢሩ።

እስራኤል፡ ንዓድ ንምቕንጻል ተደጋጋሚ ፈተነታት ከተካይድ ከም ዝጸንሐት እዩ ዝግለጽ።

ሳዓድ፡ ኣብ'ል ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ምስ ተበጽሐ ኣብቲ ወሰመጥ ዝተማስረተ ሓድሽ ወተሃደራዊ ቤት ምኽሪ ምኳኑ እዩ ዝሕበር።

ንስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዝጥሓሶቶ ዝገገረላ እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ቓዛ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ተካይድ ከም ዘላ እዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ኔታንያሁን ኣብ ጉዳይ ሓማስን እስራኤልን ኣመልኪቶም ንምዝርራብ ዝመጽእ 29 ታሕሳስ ኣብ ዋሺንግተን ክራኸቡ ምዃኖም፡ መርበብ ሓበሬታ በበሲ የመልክት።



## ህንዲ ንክስታት ባንግላደሽ ነጺጋቶ

ህንዲ፡ "ልኡላዊ ግዝኣታ ንምብራቓዊት ጎረቤታ ዝኸድእ ንጥፈታት የኣንገድ ኣሎ፡" ዝብል ካብ ባንግላደሽ ንዝቐረበላ ክሲ ነጺጋቶ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ህንዲ ግዝኣታ ንረብሓ ህዝቢ ባንግላደሽ ዝጻረር ንጥፈታት ክውዕል ፈጺማ ከም ዘይፈቐደት ሓቢሩ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኣብ ባንግላደሽ ብሰላማዊ ሃዋህው ናጻ ፍትሓዊ፡ ንኹሉ ዝሓቁፍን ተኣማንነት ዘለዎን ምርጫ ንኽካየድ ዝድግፍ መርገጺ እዩ ዘለና" ኢሉ።

ባንግላደሽ ነዚ ክሲ ተቐርብ ዘላ፡ ህንዲ ነታ ኣብ ነውደልሂ ተዓቚባ ዘላ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ባንግላደሽ ነበር ሸኽ ሓሲና ኣሕሊፋ ክተረክብ ድሕሪ ምሕታታ እዩ።

ባንግላደሽ፡ ሸኽ ሓሲናን ሚኒስተር ውሽጣዊ ጉዳያት ነበር ኣሳዱዛማን ካን ካማልን ኣብ ስልጣን ከለዉ ፈጺሞሞ ብዝበሎቶ ገበን ናብ ፍርዲ ቀሪቦም ዝሞት መቕጻዕቲ ክቕበሉ ጠሊባ ኣቕሪባ ከም ዘላ ገሊጹ።

ሓሲናን ካማልን ኣብ 2024 ተመሃሮ ናይ ተቓውሞ ናዕቢ ድሕሪ ምክያዶም፡ እቲ ተቓውሞ ብሓይሊ ብረት ክጭፍለቕ ከም ዝኣዘዙ፡ በዚ ድማ ክልቲኦም ሰበ ስልጣን ነበር ገበነኛታት ኮይኖም ድሕሪ ምርካቦም፡ ብሰበኣዊ ጉዳያት ቤት ፍርዲ ባንግላደሽ ንሞት ተፈሪዶም ከም ዘለዉ እዩ ዝሕበር።

ሸኽ ሓሲና ድሕሪ እቲ ናዕቢ ናብ ህንዲ ከም ዝሃደመትን ክሳብ ሕጂ ኣብኡ ተዓቚባ ከም ዘላን እዮም ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ዝገልጹ።

ግዝያዊ ኣማኻሪ መንግስቲ ባንግላደሽ፡ እታ ሃገር ኣብ 2026 ምርጫ ከተካይድ መደብ ከም ዘለዋ ይሕበር።

ቅድሚ እቲ ናዕቢ ን15 ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ሰልፊ ናይ ሸኽ ሓሲና ግና፡ ኣብቲ ምርጫ ከይሳተፍ ተኸልኪሉ ከም ዘሎ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።



## ሞሮኮ - ብዕልቕልቕ 37 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሞሮኮ - ኣብ ገምገም ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ኣብ ዝርከብ ዞባ ሳፊ ብዘዘበ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ዘስዓቦ ሓደጋ ዕልቕልቕን ብውሑዱ 37 ሰባት ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር፡ ኣብታ ካብ ራባት - ርእሰ ከተማ ሞሮኮ ኣስታት 300 ኪሎ ሜተር ርሒቓ እትርከብ ከተማ ሳፊ፡ ብዙሓት መካይን ብውሕጅ ከም ዝተወስዳ ጸብጺበን።

ብሰንኪ እቲ ንሓደ ሰዓት ጥራይ ዝጸረመ ዝናብ፡ ኣስታት 70 መንበሪ ኣባይትን ንግዳዊ ትካላትን ጉድኣት ከም ዝወረዶ'ውን፡ እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ሓቢረን።

ምምሕዳር ሳፊ፡ ኣባላት ህይወት ኣድሕን ኣብ'ተን ብቲ ባህርያዊ ሓደጋ ዝተሃስያ ከባቢታት ንዝርከቡ ነበርቲ ንምርዳእ ኣድላዪ ስጉምትታት ይወስዱ ምህላዎም ገሊጹ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ጸርግያታት ጉድኣት ስለ ዘውረደ፡ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣሸጋሪ ኮይኑ ከም ዘሎ ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።



ሞሮኮ፡ ብተደጋጋሚ ብርቱዕ ዝናብን ዕልቕልቕን የጋጥማ ከም ዘሎ'የም ጸብጻባት ዘረድኡ።

ንኣብነት ኣብ 2021 ዝዘበ ብርቱዕ ዝናብ ሞት 24 ሰባት ከስዕብ እንከሎ፡ ኣብ 2014ን 2015ን ዝወቐዐ ተመሳሳሊ ዝናብ እውን ኣብ ሰሬሕ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ዕልቕልቕን ንዋታዊ ክሳራን ከም ዘስዓበ እዮም ጸብጻባት ወሲኸም የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 16/12/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565